# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.195 | ሓሙስ 16 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቻይና፡ ካብ ፍወሳ ብነውጺ ከመይ ኣምለጠት፧


ገጽ 5
ውርዝይና፡ መለለዪ ንእስነትና


ገጽ 9
ግንባር ወጻኢ ኣብ ጽንዓትን መኸተን


ገጽ 11
ፈደረሽን ቼስ ኤርትራ ናውቲ ስፖርት ...



# ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሚኒስተራት ግብጺ ተዘራረቡ




ብሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጐስ ገብረሂወትን ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትሪን ኣቶ ነስረዲን ሳልሕን ዝቘመ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሪፓብሊክ ግብጺ ዝገበሮ ዘሎ ርክባት ብምቕጻል፡ ትማሊ 15 ሚያዝያ፡ ምስ ሚኒስተር መጓዓዝያ ሌተናል ጀነራል ካምል ኣልወዚር፡ ሚኒስተር ኤለክትሪሲቲን ተሃዳሲ ጸዓትን ማሕሙድ ዕስመት፡ ሚኒስተር ሕርሻን መሬትን ዓላእ ፋሩቕ፡ ከምኡ'ውን ኣካየድቲ ብዓል-መዚ መድሃኒትን ዝተፈላለያ ኩባንያታትን ኣብ ምዕዛዝ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ኣብ መንጎ ክልተኤን ሃገራት ክካየድ ብዛዕባ ዝኽእል መጓዓዝያ ባሕሪ፣ ምውሓስ ቀረብ ኣገልግሎት ኤለክትሪሲቲን ተመኩሮ ተሓዳሲ ጸዓትን፣ ኣብ መዳይ ምኽዕባትን ምምስራሕን ሕርሻዊ ምህርቲ ክግበር ብዛዕባ ዝከኣል ምትሕግጋዝ፣ ከምኡ'ውን ንግዳዊ ዝምድናታት ንምዕዛዝ ብስፍሓትን ዕምቈትን ተዘትዩ።

ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ኣቐዲሙ'ውን፡ ብ14 ሚያዝያ ምስ ሚኒስተር ኢንዳስትሪ ኻልድ ሃሽም፣ ብ13 ሚያዝያ ድማ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ንሚኒስተር ወፍሪን ናይ ወጻኢ ንግድን ዶ/ር መሓመድ ፈሪድ ሳልሕን፡ ኣብ ምድንፋዕ ቍጠባዊ ዝምድናታት ምዝታዩ ዝዘከር'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ሓለፍቲ ፍርያት ግብጺ ዘላቲን ንሰደድ ዘተኩበዕን ትካል ንግዳዊ ኣገልግሎት፣ ኣብ ውሽጢ ግብጽን ወጻእን ዓበይቲ ሕርሻዊ ኢንዳስትሪያውን ልምዓታውን ንጥፈታት ዘሰላስል መንግስታዊ ትካል 'ብዓል-መዚ መጻኢ ግብጺ'፡ ከምኡ'ውን ኣመሓደርቲ ማእከላይ ባንክን ሃገራዊ ባንክን ግብጺ ቡብጽላቱ ኣብ ዝገበሮ ምይይጥ፡ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ተበጺሑ'ሎ።

# ተሰነይ - ኣብ ተጠቃምነት ጸጋታት ባሕሪ ዘተኮረ ሰሚናር ተኻዩዱ



ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ብርሃነ ተኽለ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ኣብ ተጠቃምነት ጸጋታት ባሕሪ ንምብራኽ ዝዓለመ ሰሚናር ኣካዩዱ።

ምስ ተቐማጦን ወነንቲ ትካላትን ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ኣቶ ብርሃነ፡ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ብርክት ዝበለ ሂወታውን ዘይሂወታውን ጸጋታት ከምዝርከቦ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ መረዳእታ ህዝቢ ብምዕባይ ኣብ ረብሓ ሓፋሽ ዘውዕለሉ መዳያት ንምንዳይ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ጸጋታት ባሕሪ ናብ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ንኽበጽሕ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ይካየድ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ዓሳ ምስ ዘለዎ ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ፡ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ ብቐረባ ዝረኽብሉ ድኹዒ ንምዝርጋሕ ይሰርሕ ከምዘሎ፣ ሓረስቶት ኣብ ግራውቶም ዘካየድዎ ፈተነ ድማ ኣድማዒ ምዃኑ ከምዝተረጋገጸ ብምሕባር፡ ተጠቃሚ እኹል ባህርያዊ ድኹዒ ብቐረባ ዝረኽብሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ኣካል ናይ'ቲ መደብ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣገዳስነት ኣየዲን ዝተሓወሶ ጨው ኣብ ጥዕና ዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፡ ህዝቢ ኣየዲን ዘለዎ ጨው ክጥቀም ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ገብረእየሱስ ብወገኑ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ህዝቢ ጸጋታቱ ኣለልዩ ኣብ ጥቕሚ ንኸውዕሎ ንዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ብምምስጋን፡ ብሞያውያን ዝወሃብ ሓበሬታ ብግቡእ ክሰራሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣገባብት ንምፍጣር ጻዕሪታት ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ ጨንፈር፡ ኣብ ዲጋታት ዓሳ ናይ ምርባሕ ሓላፍነት ወሲዱ ይነጥፍ ከምዘሎ ብምብራህ ድማ፡ ኣብ ከባቢ ዲጋታት ዝነብሩ ዜጋታት ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ዕድል ኮይኖም ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ተጠቃምነት ከሚካላዊ ድኹዒ ንምውጋድ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምውህሃድ ካብ ጸህያይ ባሕሪ ዝዳሎ ባህርያዊ

# ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ ኤርትራ፡ ቀረብ ዓሳ ኣብ ኩሉ ንምብጻሕ ይሰርሕ

ኩባንያ ፍርያት ባሕሪ ኤርትራ ጨንፈር ኣስመራ፡ ውሑስ ቀረብ ዓሳ ንምርግጋጽ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ኣካያዲ ስራሕ ማይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ዮሴፍ ጉብረማርያም ሓቢሩ።

እቲ ቀንዲ ትካል ኣብ ኣስመራ ኩይኑ፡ ኣብ ባጽዕ'ውን ጨንፈር ዕድጊ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኣብ'ተን ንመሸጣ ተዋዲደን ዘለዋ ሕጋውያን ነቑጣታት፡ ውሕስነቱ ዝተረጋገጸ ዓሳ ብርትዓዊ ዋጋ ክዕድግ ብምዝኽኻር፡ ካብ'ተን ነቑጣታት ዓዲጎም ብዝበረ ዋጋ ንዝሸጡ ዘይሓላፍነታውያን ሰባት ንምቍጽጻር፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ባሕሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ኤሳው ትኩእ ብወገኑ፡ ኣብ'ተን ሕጋውያን ነቑጣታት ዝቐርብ ዓሳ ውሕስነቱ ዘተኣማምንን ብዋጋ ርትዓውን ስለዝኾነ፡ ህዝቢ ብግቡእ ክጥቀመሉ ተላቢዩ።

ኣቶ ኤሳው ወሲኹ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ካብ ዝርከባ ዓሳ ክዝራእለን ዝኽእላ 85 ዲጋታት፡ ዛጊት ኣብ'ተን 68 ዓሳታት ከምእተዘርአን ዕዉት ከምዝኾነን ብምሕባር፡ መጠን ናይ'ቲ ኣብ 2025 ዝተረኽበ ምህርቲ ካብ'ቲ ናይ 2024 ብ38 ሚእታዊት ከምዝዓቢ ኣነጺሩ።

ኣባላት ናይ'ቲ ትካል ብወገኖም፡ ህዝቢ ፈቓዶ ጎደና ካብ ዝሸየጥ ክጥንቀቕ ምዒዶም።

# ድባርዋ - ኣብነታዊ ሓረስታይ ተመጉሱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ - ምምሕዳር ከባቢ ደምበ ጉዕፍ ዝኑበር፡ መሬቱ ብግቡእ ብምዝላይ ልዑል ምህርቲ ክሓፍስ ዝበቕዐ ኣብነታዊ ሓረስታይ መልኣከ ተስፋእንድርያስ፡ ብዓድን ክኢላታት ሕርሻን ሞጎስ ረኺቡ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ተወልደ ጉብረሚካኤልን ኣካባቢያት ዝጣን ሰጊ ወ/ሮ ግደይ ገረንስኤን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ሓረስታይ መልኣከ ኩሉ ግዜኡን ዓቕሙን ልዕሊ 5 ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬቱ ኣብ ምዝላይ፡ ከምኡ'ውን ህዝቢ ዝንቀሳቐሰሉ መንገዲን ብፍግረ መሬት ዝተባሕጉ ከባቢታትን ኣብ ምምድማድ ከምዝሕልፎ ብምግላጽ፡ ብጻዕሩ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ናይ'ቲ ከባቢ ከምዝሃብተመ ኣብሪሆም።

ክኢላ ሕርሻ ኣቶ ሃብቶም ሰመረ ድማ፡ ንተበግሶ ሓረስታይ መልኣከ ብምምጓስ፡ ክኢላዊ ምኽርን ደገፍ ናውትን ክግበረሉ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብነታዊ ሓረስታይ መልኣከ ተስፋእንድርያስ ብወገኑ፡ ኣብ መደባት ህንጻትን ልምዓትን ሃገር ብዘጥረዮ ሞያ፡ መኅብርኡ ንምቕያርን ከባቢኡ ንምጽላውን ይኅጥፍ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብዘለዓለ ከምዝቐጽሎ ሓቢሩ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓሰብ - ስፖርታውን ትምህርታውን ቅነ ተዛዚሙ



ኣብ ንኡስ ዞባ ዓሰብ፡ ብምኽንያት ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ክካየድ ዝጸንሐ ስፖርታውን ትምህርታውን ውድድራት፡ ብ11 ሚያዝያ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ካብ 7 መጋቢት ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ቅነ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ዝርከብዋ 14 ኣብያተ-ትምህርቲ ተሳቲፈን።

እቲ ኣስታት 4 ሽሕ ተመሃሮ ዝሳተፉ ውድድራት፡ ዝተፈላለየ ዓይነታት ስፖርት፡ ከምኡ'ውን መደረ፡ ክትዕ፡ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ፍልጠት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ዓሰብ መምህር ካሕሰ ሞኾኑ፡ እቲ ቅነ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይ ምኽኻስ ፍቕርን ስነትን ብልጫኡ፡ ተመሃሮ ዝነበሎታቶም ክእልዩን ክማዕብሉን፡ ከምኡ'ውን ርእሰምትእምማን ከጥርዩን ክብረታት ሕብረተሰቦም ክሰርጽዎምን ባይታ ከምዝፈጠረ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕዉታት ሽልማት ተዓዲሉ።

# ዓዲ ቐይሕ - ባህልን ክብርታትን ናብ ሓድሽ ወለዶ ንምስራጽ ይስራሕ



ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ጽንብላት ንዝግበር ምድግጋፍ ብምኽንያቱ፡ ባህልን ክብርታትን ናብ ሓያሲቲ ወለዶታት ንምስራጽ ዝካየድ ጻዕሪ ብዝበለጸ ክስራሓሉ ምዃኑ፡ ኣባላት ባይቶ ዞባ ደቡብ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፡ ንዝመናት እናተወራረሰ ዝመጸ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ኣካል መንነትና ስለዝኾነ፡ ብስድራቤታትን ኮምን ብዝለዓለ ደረጃ ክድፋኣሉ ከምዝዮጎእ ኣገንዚቦም።

ሓላፊ ህዝባዊ ርክባት ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ብርሃ መለስን መንእሰይ ናስር ኣሕመዲንን ብወገኖም፡ ምኽብባርን ኮም ህዝቢ ዘቐመና ጭዋ ባህልን ክብሪታትን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መመላሰ ክኮልሕ ዘለዎ ምዃኑ ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ እናተጋገዘ ዝመጸ ዘሎ ምግፋሕ ወራያት መዝሙሪ ክግበረሉ ተላቢዮም።

# ብሸኳ - ጽበት መምሃሪ ክፍልታት ንምቅላል ተበግሶ ተወሲዱ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ብሸኳ - ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት ንምቅላል፡ ገንዘቦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ 6 ተወሳኺ ክፍልታት ይሰርሑ ኣለዉ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዑስማን እድሪስ፡ ንህንጻት ናይ'ቲ ክፍልታት ንዝተጉበረሉም ናይ ናውቲ ሓገዝ ብምምስጋን፡ 80 ሚእታዊት ናይ'ቲ ስራሕ ከምእተዛዘመ ኣብሪሁ።

ንኣብርክቶ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ዝመገሰ መምህር ዑስማን፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ግርሙ፡ ቢንቢናን ዓደብዓረንን'ውን ተመሳሳሊ ተበግሶ ተወሲዱ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኤሪና ዘዘወከሱዎም ነበርቲ ብሸኳ፡ ራሕቂ ቦታን ጽበት መምሃሪ ክፍልታትን ዘጋጥም ምስንኻላት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንምፍታሕ ዝተወሰደ ስጉምቲ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንዕበየት ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ ጻዕርም ከምዝቕጽሉ ኣረጋጊጾም።

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ብሸኳ፡ ኣቐዲሞም'ውን ኣርባዕተ መምሃሪ ክፍልታት ሰሪሖም ምንባሮም ዝፍለጥ'ዩ።

# ፎሮ - ምውዳድ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብ ምጥርናፍ ዓድታት ኣበርክቶ ይገብር

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ በብእዋኑ ዝተዋደደ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ኣብ ምጥርናፍ ዜጋታት ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝገበረ፡ ኣመሓደርትን ዓበይቲ ዓድን ምምሕዳራት ከባቢ ላላዜንን ኩምሆለን ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እናሰፍሐን እናማዕበለን ዝመጸ ኣገልግሎታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ማይን ተንቀሳቓሲ ቴሌፎንን፡ ንጥርናፈ ናይ'ተን ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ፋሕ ኢለን ዝነብራ ዓድታት ከምዘይረኸ፡ ኣብ ምምሕያሽ ህይወት ዜጋታት'ውን ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ኣረዲኦም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ ብማእከል ዓዶም ዝሓልፍ ናይ ቀጥራን ጸርጊያ ባጽዕ - ፎሮ፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታቶም እወታዊ ጽልዋ ከምዝገበረ ብምጥቃስ፡ ሕጽረት ቀረብ ማይ ንምቅላል ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ኣበርክቶ ክገብሩ ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።

ዓበይቲ ዓዲ ብወገኖም፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ብምጥርናፎም፡ ደቆም ከምሃሩ፡ ከምኡ'ውን ጥዕና ህዝቢ ብሓፈሻ ናይ ኣደን ዕሸልን ድማ ብቐንዱ ከውሕሱ በቒዖም ምህላዎም ብምሕባር፡ መስመር ማይ ላላዜን ዘላቒ ፍታሕ ክግበረሉ፣ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ላላዜን ድማ ናብ ካልኣይ ደረጃ ክትዓቢ ተላብዮም።

ላላዜን ኣብ ቀንዲ መስመር ባጽዕ - ፎሮ ዝተደኮነት ኩይና፡ ካብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ንሸነኽ ደቡብ ኣስታት 22 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ጽንብል በዓል ትንሳኤ ኣብ ከተማ ከረን

ሪፖርታዥ

ገርጊስ ፍቓድ ድራር
ዞባ ዓንሰባ
ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቃድር

በዓለ ፋሲካ 2026፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ከረን'ዩ ብ12 ሚያዝያ ተጸንቢሉ። እቲ ካብ ሰዓት ሰለስተ ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ኣብ ሳሪና ሆቴል ብቐጥታ ብቴለቪዥን ኤርትራ ዝተመሓላለፈ መደብ፡


ኣቶ ስራጅ ሓጅ

ብምትሕብባር ምም/ዞባ ዓንሰባ፡ ምም/ከተማ ከረንን ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ዓንሰባን'ዩ ተኻዪዱ። ገዳይም ድምጻውያን ኣብርሃም እስቲፋኖስ (ዘማቺ)፡ መሓመድ ዑስማን፡ ሳራ ተኽለሰንበት፡ ተመስገን ሚካኤሉን ካልኦት መንእሰያት ድምጻውያንን፡ ብሙዚቀኛታት ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ተሰንዮም ኣማዕሪጎምዎ።

ኣብቲ ድሙቕ ጽንብል፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ፡ ጸሓፊ ባይቶ ዞባ መምህር ስለማን መሓመድኑር፡ ሓለፍቲ ክፍልታት ዞባን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ


ኣቶ ዑስማን ኣስበሪት

ሰራዊት፡ ሓለፍትን ወከልትን ህዝባውያን ሃገራውያን ማሕበራት፡ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ወከልቲ ህዝቢ ከረንን ተረኺቦም ነይሮም። ኣብ መኽፈቲ ናይቲ መደብ ከኣ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ቀሽን ሼኽን ብሓባር ሕምባሻ ቆሪሶም።

ነቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ቃል ዘስመዐ ሓላፊ ክ/ባ/ስፖርትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ስራጅ ሓጅ፡ ዘመናት ዘቑጸረ ዘይሃስስን ዘይርሳዕን ኣደራዕ ሰንሰለት ባዕዳውያን ግዝኣት ብሓፈሻ፡ ግዝኣት ስርዓታት ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፡ መግዛእቶም ንምርጋእ ካብ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ረቛሒ ሜላታት፡ ንስነ-ምግባር፡ ስኒት፡ እምነትን ምንብባርን ህዝቢ ኤርትራ ዒላማ ብምግባር ኩብርታቱ በሪዞኻ ንምጥፍኡ ምንባሩ ገሊጹ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ብሓደ ወገን ብዓሌትን ሃይማኖትን ከፋፊልካ፡ ባህላውን ባህርያውን ውርሻታቱን ሓድግታቱን ኣብሪስካ ልኡም ግዙእ ንምግባሩ፡ ብኻልእ ወገን ከኣ ኣረሜናዊ ጃምላዊ ህልቂት ብምፍጻም ንምጥፍኡ ዘውረድዎ ኣደራዕ ጸብጺብካ ዘውዳእ ከም ዘይኮነ ሓቢሩ። ቀጺሉ ኣቶ ስራጅ፡ ንስለ ናጽነት ዝተኻየደ ቃልሲን ዝተረጋገጸ ዓወትን፡ ሓያል ባህሊ መኹተን ተወፋይነትን ከም ዝወለደ ጠቒሱ፡ ሳላ ንጹር ሃገራዊ መስመርን ራእይ መንግስቲ ኤርትራን ድማ፡ ህዝብና ሓድነቱ ኣደልዲሉ ኣብ ሓንቲ ቅኒት ሰጢሙ ዘርኣዮን ዘርእዮ ዘሎን ሃገራዊ ስኒትን ተወፋይነትን ኣብ መደባት ሃገራዊ ልምዓት ጉሊሑ ይርአ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ቀሺ ወልደሩፋኤል ተስፋጽዮን ነባሪ ምምሕዳር ከባቢ 02 እዮም። ንሶም፡ በዓል ትንሳኤ ኣብ እምነት ክርስትና፡ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ድሕነት ዓለምን ደቂ ኣዳምን ንሞት ስዒሩ ዝተንስኣሉ ክቡር ከም ዝኾነ ጠቒሶም፡ "ክርስትያንናን ኣስላምናን ብኸምዚ ምዕሩግ ኣገባብ ብሓባር ኮይንና ክኑብዕሎ ከለና ክብርን ሓጕስን እስመዓኒ፣ ነዚ ንዘብቀዓና ኣምላኽ ድማ ኣመስግን" ኢሎም። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣስላማይ ክስታናይ ከይበለ፡ ብሓድነት ተጋዲሉ ብሓድነት ተሰዊኡ ናጽነትን ሰላምን ዘውሓሰ ምዃኑ ዝገለጹ ቀሺ ወልደሩፋኤል፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኤርትራ ብሰላማ እትፍለጥ ሃገር ኮይና ከም ዘላ ሓቢሮም። ሃይማኖታውን ሃገራውን በዓላትና መግለጺ ሓድነትናን ኩብረትናን ስለ ዝኾኑ፡ ብሕጂ'ውን ሓቢርና ከኑብዕሎምን ብዝግባእ ክንዕቅቦምን ተላብዮም።

ሼኽ ሱሌማን መሓመድ እድሪስ ብወገኖም፡ "ንሕና ኣምላኽ ይመስገን፡ መከራናን ሕሰምናን ሓሊፉ፡ ሰናይና መጺኡ ኣሎ። ህዝብና ኣብ ሃገሩ ተረጋጊኡ ብሰላም ደቂሱ ብሰላም ይበራበር ኣሎ። ሃይማኖታዊ በዓላትና፡ ብኸምዚ ናይ ሎሚ ኣገባብ ብሓባር ናይ ምብዓል መደብ፡ ብዚያዳ ክተባባዕን ክቕጸልን ኣለዎ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ደቂ ሓንቲ ስድራን ሓንቲ መኣድን ስለዝኾንና፡ ብሓባር ተቓሊስና፡ ብሓባር ተሰዊእና፡ ብሓባር ድማ ሃገርና ነልምዕ ኣለና'ሞ፡ ዝፈላልየና የብልናን። ስለዚ፡ ዘለና ስኒት ናብ ዝቕጽል ወለዶ ክሰጋገር ስለ ዘለዎ፡ ክንዕቅቦ ይግባእ" ኢሎም።

ኣብ'ቲ በዓል ዝተሳተፈት ኣባል ወተሃደራዊ ሆስፒታል ግላስ፡ ምክትል ተለንተ ፍረወይኒ ግርማጽዮን'ውን፡ ነቲ ጽንብል ኣመልኪታ እዚ ዝስዕብ ሓሳባት ኣካፊላትና ነይራ - "ሓድነትና ንምድልዳልን ንምጽናዕን፡ ካብ ቀደም ጀሚሩ




ሼኽ ሱሌማን መሓመድ እድሪስ


ተለንተ ፍረወይኒ ግርማይ

ይኹን ኣብ ግዜ ሰውራ፡ ብዙሕ ተጻዒሩሉን ዋጋ ተኸፊሉሉን እዩ። ካብ ሓርበኛታት ኣቦታትና ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያምን ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ጀሚሩ ከኣ፡ ስኒትናን ምኽብባርናን፡ ከምኡ'ውን ሃገራዊ ፍቕርና እናሰወደ ክመጽእ ክኢሉ። ንሃይማኖታውን ሃገራውን በዓላትና ከምዚ ኢልና ሓቢርና ከኑብዕሎ ከለና ከኣ፡ ሓድነትና ነዊሕ ሱር ዝሰደደን ብቐሊሉ ዘይብተኽን ወትሩ እናዓመቘ ዝኸይድን ምዃኑ ዘነጽር እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ሰላሙን ህድኣቱን ኣውሒሱ፡ ብዘይ ዝኾነ ስክፍታን ስግኣትን ለይትን ቀትርን ብናጽነት ይንቀሳቐስ ኣሎ።" ኢላ። ነቲ ጸላይን ቁርን ከይበለ ሕድሩ ኣጸኒዑ፡ ድፋዓቱ ኣውሒሱ ዘሎ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ኣብ ውሽጥን ደገን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራን የሃናእ ኣመሓላሊፋ።

ተቐማጢ ምምሕዳር ከባቢ 03 ኣቶ ዑስማን ኣስበራት ኣዛዚ ብግደኡ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ፈጣሪኡ ዝኣምን፡ ተኸባቢሩ ብስኒት ዝነብርን ስልጡን ሕብረተሰብ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ከባቢኡ ይኹን ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም ህውከትን ዕርግርን እናሃለወ፡ ደሴት ሰላም ኮይኑ ይቕጽል ከም ዘሎ ሓቢሩ። ኣቶ ዑስማን ኣስዒቡ፡ ውህደትናን ስኒትናን ምኽብባርናን፡ ኣብ ድልዱል መሰረት ወለዶታት ዝተሃንጸ ከም ዝኾነ፣ እነስተማቕሮ ዘለና ሰላም ድማ፡ ክቡር ዋጋ ከፊልና ብመስዋእቲ ብሉጻት ዘረጋገጽናዮ ኩብሪ ብምዃኑ፡ ብቐጻሊ ክሕሎን ክዕቀብን ኣዘኻኺሩ።

ነባሪት ምምሕዳር ከባቢ 05 ዝኾነት ወ/ሮ ለምለም እስቲፋኖስ ድማ፡ "ንበዓላትና፡ ኣስላምናን ክርስትያንናን፡ ንባህልናን ስኒትናን ብዘንጸባርቕ መንገዲ ከምዚ ኢልና ብሓባር ከኑብዕሎ ከሎና፡ ፍሉይ ናይ


ቀሺ ወልደሩፋኤል ተስፋጽዮን


ወ/ሮ ለምለም እስቲፋኖስ

ሓጎስ ስምዒት'ዩ ዝፈጥረልና። ነዚ ከኣ፡ ናይ ገዛና ኣውደ-ኣመት ገዲፍና ኢና ብኸምዚ እንርእዮ ዘለና ብዓጀባ ኑብዕሎ ዘለና። እዚ ሓድነት'ዚ ወለድናን ንሕናን ብመሪር ቃልሲ ሓሊፍናን ክቡር ዋጋ ከፊልናን ዘሰሰንናዮ ስለዝኾነ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን እንርከብ ህዝብና ንደቅና ብግቡእ ከነውርሶም ይግባእ" ክትብል ተላብያ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ውርዝይና፡ መለለዩ ንእስነትና

## ኤርትራ ሃገር ወራዙት ኮይና ንምቕጻል ባህላዊ ሰራውርና ነዕሙቕ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ውርዝይና ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዓቢ ቦታ ዘወሃቦ ስነ-ምግባራዊ ጽባቐ እዩ። ውርዝይና ካብቲ ንቡር "ጽቡቕ ምኻን" ንላዕሊ ኮይኑ፡ ውህደት ናይ ስነ-ስርዓት፡ ጥበብ፡ ትሕትናን ብስለትን እዩ። ብኣቦይ ተክአ ተስፋይ ዝተዳለወ "ዘመናዊ መዝገበ ቓላት ትግርኛ" ወረጃ ንዝብል ቃል 'እሩም፡ ስነ ስርዓት ዘለዎ፡ ተግባራቱ ዕቱብ፡ ጽያፋ ዝኸተት፡ ዓቢይ ሰብ፡ ክቡር ሰብ' ዝብል ትርጉም ሂብዎ ይርከብ። ካብዚ ዝበልጽ ትርጉም ስለ ዘየለ ነዚ ተቐቢልና ክንከይድ ኢና። ሓደ ውርዝው ወይ ውርዝይቲ ሰብ፡ ዘንጸባርቖ ባህርያት ኣሎ። ውርዝይና መለለዩ ንእስነትና ክኸውንን ከም መማዕረጊ ክንጥቀመሉን ስለ ዝሕግዝ፡ ነቶም ጉሉሓት ባህርያት ምጥቃሶም ኣድላዪ'ዩ።

ብቐዳምነት ዝመጽእ ኣዘራርባን ኣቀራርባን እዩ። ሓደ ውርዝው ሰብ ቃላቱ መሚዩ ይዛረብ። ዘሐርቕ፡ ዘጉሂ፡ ዘሕፍር ዘረባ ካብ ኣፉ ኣየውጽእን። ኣቀራርባ ውርዙያት ሰባት ብኣኽብሮት ዝተመልአ እዩ። ንኹሉ ሰብ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ብማዕረ ብትሕትናን ብኣኽብሮትን ይቐርብዎ። ኣከዳድናን ጽሬትን እውን ኣብ ጸብጻብ ዝኣቱ ነገር'ዩ። ውርዝይና ምስ ስሩዕነትን ጽሬትን ምትሕሓዝ ኣለዎ። ክዳንካ ክቡር ወይ ሓድሽ ስለዝኾነ ዘይኮነስ ጽሩይን ስሩዕን ኮይኑ ክርአ እንከሎ መለክዒ ውርዝይና እዩ። ወራዙት ኣብ ኣቀማምጣ፡ ኣኣካይዳን ኣብ ኣሰራርሓን ስሩዓትን እዱባት እዮም። ወራዙት ምዕሩጋት እዮም።

ወራዙት ብጥበብን ምስትውዓልን ዝተፈልጡ እዮም። ወራዙት ህዱኣትን ጥበበኛታትን እዮም። ኣብ ነብሶምን ኣብ ከባቢኦምን ንዘጋጥም ማሕበራዊ ሽግር ብህድኣትን ውሕልነትን ናይ ምፍታሕ ጥበብ ኣለዎም። ኣብ መንጎ ዝተባእሱ ሰባት ዕርቂ ዕርቂ ንምፍጣር ብጉሳት እዮም። ካብ ዒላ ጥበቦምን ምስትውዓሎምን ዝቐዳሕ ልቦና ንብዙሓት ሰባት ይስሕብ። ኣናሕሰይቲ እዮም። መጣቐስቲ፡ ተበለጽቲ፡ ቀጣዓት፡ ቀናኣትን ሕሱማትን ኣይኮኑን። ኣብ ዝሓርቅሉ እዋን ከይተረፈ ቁጥዐኦም ናይ ምቁጽጻር ብልሓት ኣለዎም።

ኣብ ሕብረተሰብና ውርዝይና ዘለዎ ትርጉምን ቦታን ልዕሊ ግምትና እዩ። ውርዝይና ጥራይ ዝብል ቃል ምስ ሰማዕካ ናይ ሓደ ሰብ ውሽጣዊ ጽባቐ እዩ ቅጅል ዝብለካ። ሓደ ሰብ ሃብታም፡ ምሁር፡ ክኢላ፡ ወይ ብዓል ስልጣን ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ነቲ ዝተዓደሎ ጸጋ ወይ ውህብቶ ብውርዝይና እንተ ዘይኣሰንይዎ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰቡ ብዓይኒ ክብረት ኣይጥመትን እዩ። እቲ ክቡር ቦታ ዝወሃቦ እቲ ወረጃ እዩ። እዚ ድማ መርኣያ ናይቲ ሕብረተሰብና ኣብ ብሉጽ ስነ-ምግባርን ጥበብን ዘለዎ ኣኽብሮት እዩ።

መንእሰያት ኣወዳትን ኣዋልድን ኣብዚ ግዜ እዚ ውርዙያት ክኾኑ ምጽዓር፡ ንባዕሎምን ንሕብረተሰቦምን ዓቢ ክብሪ ኣለዎ። ውርዝይና ምስ ግዜ ዘይሓልፍ፡ ንመንነትካ ድማ ጽቡቕ መልክዕ ዝህብ ክቡር ነገር እዩ። መንእሰያት እምበኣር ውርዙያት ንክኾኑ ክስዕብዎም ዘለዎም ነጥብታት ብቐዳምነት ቅኑዕ ስነ ምግባርን ኣተሓሳስባን እዩ። ውርዝይና ካብ ትሕትና እዩ ዝጅምር። ንዓቢ ምኽባር፡ ንእሽቶ ድማ ምፍቃር መሰረት ናይ ሓደ ውርዙይ መንእሰይ እዩ። ውርዙይ ሰብ መንነቱ ይፈልጥ እዩ። ርእሱ ብንቕሓት ደፊኡ፡ ንኻልኦት ግምት እናሃበ ብህድኣት ይነብር። ንሰባት ምሕጋዝን ብሕያውነት ምዝራብን ንመንእሰያት ፍሉይ ግርማ እዩ ዝውስኸሎም።

ኣዘራርባናን እንጥቀመሉ ቋንቋን እውን ልዑል ግምት ክንህቦ ዘለና ጉዳይ እዩ። ቃላት መሚኻ ምጥቃም ክንላመድ ኣለና። ረሳሕ ቃላትን ላግጽን ካብ ምጥቃም ምቑጣብ ነቶም ቁምነገር ዘለዎምን እሩማትን ቃላት ንኽንዛረብ ዕድል ስለ ዝኸፍት፡ ነቲ ዘይሰናይ ካብ ኣፍና ክወጽእ ኣይነፍቅድ። ማዕረ ማዕረኡ ምስማዕ ንለማመድ። ካብ ምዝራብ ንላዕሊ ምስማዕ ዘቐድም ሰብ ካብቲ ዝካየድ ዝርርብ ከሲቡ እዩ ዝወጽእ። ሓሳባት ናይ ሰባት ብኣኽብሮት ሰሚዕና ሃዲእና ንመሚ። ኣብ ዝርርብ ዓውታ ናይ ድምጽና ንቈጻጸር። ብዓውታን ብጭራሕመራሕን ዘይኮነስ ብህድኣትን ብስሩዕ ቃናን ምዝራብ ዓቢ ጥበብ ስለ ዝኾነ ካብ ንእስነትና ክንላመዶ ንበገስ።

ኣብ ኣከዳድናን ጽሬትን ዘሎና ኣጠማምታ እውን ደጊምና ንመልከቶ። ክዳንካ ሓድሽ ኮነ ኣረጊት፡ ብዋጋ ክቡር ኮነ ሕሱር ብዘየገድስ ጽሩይን ስሩዕን ይኹን። ክዳውንትና ምስቲ ዘለናዮ ቦታን ኩነታትን ዝኸይድ ምኻኑ ከነረጋግጽ ኣለና። ብኣካዳድናና ብሕማቕ ዓይኒ ዝጥምተና ሰብ ክህሉ ኣይነፍቅድ። ኣከዳድና ናይ ሓደ ሰብ ቀዳማይ መግለጺ ባህሪኡ ስለ ዝኾነ፡ ክንጥንቀቐሉ ኣለና። ስሩዕ ጸጉሪ ርእስን ጽሬት ኣካላትን እውን ንውርዝይና ዓቢ መመላእታ እዩ።

ማሕበራዊ ስርዓት ምኽታል



መግለጺ ውርዝይና ምኻኑ ዘይምርሳዕ። ንኣብነት ኣብ መኣዲ ብስርዓት ምብላዕ፡ ንሰባት ኣቐዲምካ ቦታ ክሕዙን ዝብላዕ ወይ ዝስተ ክሕዙን ምግባር መሰረታዊ እዩ። ቀጸራ ምኽባር ሓደ ካብቲ ዓቢ ምልክት ውርዝይና ስለዝኾነ ኣብ ሰዓትካ ኣብ ቦታኻ ምርካብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ እውን ውርዙይ ምኻን የድሊ። ጽዩፍ ቃላት ካብ ምጽሓፍን ንሰባት ካብ ምስንባድን ክንቁጠብ ኣለና።

ሓደ ውርዝው መንእሰይ እቲ ንኣእምሮኡ ብፍልጠት ዝሃንጽ ናይ ኩሉ ግዜ ተመሃራይ እዩ። ምንባብ ዝፈቱ፡ ክእለት ክመልኽ ዝጽዕር፡ ክፈልጥ ዝህንጠ መንእሰይ ንባዕሉ ኮሪዑ ንስድራቤቱ እዩ ዘኩርዕ። ስለዚ፡ ኣብ ትምህርቲ ዘለና ኣጠማምታ እውን ንውርዝይናና ብዓቢ መጠን ስለ ዝጸሉ ከነስተኻኽሎ ይግበኣና።

ስለምንታይ ኢና መንእሰያት ውርዙያት ክኾኑ ኣለዎም ንብል ዘለና፧ ብቐዳምነት ክብሪ ስለ ዘውህብ እዩ። እሩም ስነ ምግባርን ጥበብን ዘለዎ ሰብ ሰባት ይፍተዉዎ ይጽልኡዎ ብዘየገድስ ብዓይኒ ኣኽብሮት እዮም ዝጥምቱዎ። ውርዝይና ከፋቲ በሪ ዕድላት ስለዝኾነ'ውን ተደላዪ እዩ። ኣብ ስራሕ ይኹን ኣብ ማሕበራዊ ዝምድናታት ውርዙያት ሰባት ካብቶም ዘይውርዙያት ቀዳምነት እዩ ዝወሃቦም። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ምንጪ ውሽጣዊ ዕግበት እዩ። ስሩዕን ውርዙይን ሰብ ርጉእን ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎን ክኸውን እቲ ዝቐለለ'ዩ። ውርዝይና ማለት ካብ ሰብ ምብላጽ ኣይኮነን። ካብቲ ትማሊ ዝነበርካዮ ዝሓሸካ ሰብ ምኻን ማለት እዩ።

ውርዝይና ካብ ተራ ምኽታል ስነ ምግባር ሓሊፉ ዓሚቕ ባህላዊ፡ ፍልስፍናውን ስነ ልቦናውን መበገሲ ኣለዎ። ኣብ ሕብረተሰብና ከም ኣብነት እንተ ወሰድና ውርዝይና ከም 'ዓንዲ ሕብረተሰብ' እዩ ዝርአ። ውርዙያት፡ ኣብ 'ኣመና'፡ 'ምሒር'፡ 'እምብዛ' ኣይርከቡን እዮም። ኣብቲ ልክዕ መጠን እዮም ዝርከቡ። ንኣብነት ኣብ መንጎ 'ኣነ' 'ንሕናን' ዘሎ መጠን ኣጽቢቖም ይፈልጥዎም ይነብርዎን። ውርዝይና ንውልቃዊ ድሌትካ ንረብሓ እቶም ካልኦት ክትብል ክትገትኦ ከለኻ ዝምዕብል እዩ። ቀዲምካ ዘይምብላዕ ወይ ኣብ ኣኼባ ንዓበይቲ ቀዲምካ ዕድል ምሃብ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣል።

ብዓይኒ ፍልስፍና ምስ እንጥምቶ፡ ውርዝይና ምስ ዓውድታት ስነ ጽባቐን ስነ ምግባርን ተጣሚሩ ክግለጽ ይኽእል እዩ። ውርዝይና ማለት ንዝኾነ ተግባር ብጽሬትን ብጥንቃቐን ምፍጻም ማለት እዩ። ንህይወት ከኣ በዚ መለክዒ እዚ ትርጉም ክትህባ ምፍታን። ውርዝይና ልዕሊ ኩሉ ጥበብ እዩ።

ሓደ ሰብ ብዙሕ ክመሃር ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ግን ነቲ ፍልጠቱ ብትሕትናን ብምስትውዓልን እንተ ዘይተጠቒሙሉ ወረጃ ኣየብሎን። ኣብ ማእከል ማዕበል ክትሃድእ ምኽኣል ኩሉ ሰብ ዝገብሮ ኣይኮነን። ውርዝይና ማለት ኩነታት ክጽንክር እንከሎ ሚዛን ህድኣትካን ክብረትካን ሓሊኻ ነቲ ጸገም ምግጣም ማለት እዩ። ምስ ስምዒታዊ ብስለት እውን ኣተኣሳሲርና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ሓደ ውርዙይ ሰብ ንባዕሉን ንሰባትን ናይ ምርዳእ ዓቕሚ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ስምዒቱ ከይተቖጻጸረ ብሕርቃን ኣይዛረብን። እዚ ነብሰ ግትኣት ዝብሃል ስነ ልቦናዊ ዓቕሚ ንውርዝይና ናይ ሰብ ኣጉሊሑ የርእዮ። ውርዝይና ካብ ድልዱል ናይ መንነት ስምዒት እዩ ዝምንጩ። ሓደ ሰብ ኣብ ውሽጡ እኹል ሰላምን ርእሰ ተኣማንነትን እንተ ሃልይዎ፡ ንሰባት ንምንዓቕ ወይ ንምውራድ ድሌት የብሉን።

ስለዚ እምበኣር ውርዝይና ማለት ባህላዊ ሱር ዘለዎ፡ ፍልስፍናውን ስነ ልቦናውን መምርሒ ህይወት ዘጣመረ እዩ። መንእሰያት ካብ መግለጺ ሕመቕን ውድቀትን ዝኾኑ ነውርታት ርሒቕና ወራዙት ብምኻን ሰሓብቲ፡ ጠቐምቲ፡ ለወጥቲ፡ እሙናትን ምስጉናትን ንምኻን ሓሊንና ክንብገስ ኣለና። ናይ ውርዝይና መወከሲ ክኾኑና ዝኽእሉ ኣብነታት ኣብ ከባቢና መሊኦም ስለ ዘለዉ ንመልከቶም። ኤርትራ ሃገረ ወራዙት ኮይና ንምቕጻል ባህላዊ ሰራውርና ነዕሙቕ። ካብ ዝቐደሙ ንዘይምሕማቕ 'ውርዝይና መለለዩ ንእስነትና' ዝብል ጭርሖ ኣልዒልና ንንቀል።

## ቋንቋ ጥቕሲ

### "ክቱር ሕርቃን፡ ካብ ጠንቁ እቲ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ይኸፍእ" ማርኩስ ኦሪልየስ

ህይወትና'ኮ ሓጺርያ'ያ። ሓንሳእ ብሓንስ ንፍንጫሕ፤ እናሓንሳእ ድማ ብንዒ ጣዕ ንብል። ከምቲ ገለ ሰባት ብዋዛኦም ብሱሓቕ ዘፍልሑና፡ ብኣኪይ ግብሮም ኩምትር ዜብሉና ሰባት'ውን ኣይስኣኑን'ዮም። ሰባት ስለ ዝኾንና ግና ኑቲ ሕማቕ ነገር ኢና ዝያዳ ኣብ ኣእምሮና ቦታ እንህቦ።

ዝኾነ ዘቘጥዕ ነገር ርኢና ክንሓርቕ ንቡር'ዩ። እንተኾነ ደብ ዝሓለፈ ቁጥዐ ብቐንዱ ንጥዕናና ጽቡቕ ኣይኮነን። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ዘዩድሊ ስጉምቲ ንኽንወስድ ዜደፋፍእ ስለ ዝኾነ፡ ዓቕምና ብዘፈቕዶ ቁጥዕና ክንቈጻጸር ጽቡቕ'ዩ። ምኽንያቱ፡ እናሓንሳእ እቲ ዘቘጥዓና ነገር ብዙሕ ግምት ዘይወሃቦ ክንሱ፡ እቲ እንወስዶ ግብረ መልሲ ግና ኣዕናዊ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ብፍላይ ክንመልሶ ኣብ ዘይንኽእል ነገር እምብዛ ክንቀጣዕ ኣይግባእን። "ኣብ ጥፉእ ኣይትዛረብ ክፉእ" እኳ ዚብሃል። ዋላ'ውን እቲ ዝተፈጸመ ነገር ኣዝዩ ዘቘጥዕ ፍጹም ዘይተጸበናዮ እንተኾነ፡ እቲ ቐዳመይቲ ኣብ ኣእምሮና ክትመጽና ዘለዋ ነገር "ዓቕሊ" እያ። ኣብ'ታ ኣዚና ዝሓረቕናላ ህሞት፡ ዋላ ንኻልኢታት'ሞ ስምዒትና ክንገትእ ንፈትን። ብድሕሪኡ ንኽነመዛዝን ዕድል ስለ እንረኽብ፡ ንኡብስና ኾነ ነቲ ጉዳይ ከሀድኦ ክንክእል ኢና።

"ክቱር ሕርቃን፡ ካብ ጠንቁ እቲ ሳዕቤኑ ኣዝዩ ይኸፍእ"

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መጎነ ክሱ. ኣቶ ኪዳነ ብርሃነ ወልደስላሴን ተኸሳሲ. ወረ/ኛ ኣብርሀት ፋሲል ውሬታ ኣቶ ተመስገን ተዓገስን ዘሎ ናይ ገዝዘብ ጉዳይ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ተመስገን ተዓገስ ንጹር ኣድራሻ ስለዘይብልካ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ብፍ/በ/ዕዳ ግደይ ዘመደ ነጋርያም፡ የማነ ዘመደ ነጋርያም፡ ብፍ/ሰ/መሳል ወረ/ኛ/ሂር መኣዛ ዘመደ ነጋርያም፡ ኣቶ እዮብ ተሰፋማርያም፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ኪዳነ ተስፋሚካኤል፡ ሰናይት ኪዳነ ተስፋሚካኤል፡ ናጽነት ኪዳነ ተስፋሚካኤል ካብ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ንግስቲ ሰዩም ገብረስላሴ ናይ ፈጻሚ ምልክታ ቀሪቡልክን ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ። እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘለኽናሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ይግባይ በሃሊት ትእግር ወልደማርያም ተሰፋጋብር፡ ወሃብቲ መልሲ 1.ተሰፋይ ጎይትኦም 2.ለምለም ገብረሂወት፡ ወ/መልሲ 1.ዶ/ር ተሰፋይ ጎይትኦም ገብረስላሴ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ቅረቡ።

ኣብ መጎነ ከሳሲ. ማሕበር ደምበ ሰምባል ተኸሰስቲ ቁ.9ጸገወይኒ የሃንስ 1.4.ኮሎኔል ሃይለ ተሰፋጋብር 30.ኣቶ ኣማኑኤል ገብረመድህን ዘሎ ናይ ገዝዘብ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.4.ኮሎኔል ሃይለ ተሰፋጋብር 30.ኣቶ ኣማኑኤል ገብረመድህን ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።
ጉት ኣበበ ተሰሞ፡ ኣደይ ለምለም ሃይለ ማሽሻ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋእበኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮማ ኣብርሃ ልጃም፡ ብዮሐ ቤተይ ረዘ ገብረማርያም ገብረዝግኣብሄር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ህሉዋት ደቅና 1 መዋቲት ተተካኢ. ወዳ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ይ/በሃሊት ወረ/ኛ ሃይለ ሰምረት ነፍ/ራት ሰንበቱ ዘርኣን ዝኾኑ፡ ወ/ሮ ለተብርሃን ሃይለ ሰምረት፡ ቴድሮስ ሃይለ ሰምረት፡ ሙብራህቱ ሃይለ ሰምረት፡ ኣስመላሽ ሃይለ ሰምረት ንወ/መልሲ 1.ኤልሳ የውሃንስ ሃይለ 2.ኣስቴር ሰለሙን ሃይለ 3.ሳሙኤል ሰለሙን ሃይለ 4.ቴድሮስ ሰለሙን ሃይለ 5.ቹቹ ሰለሙን ሃይለ ንሲቪላዊ ጉዳይ ዝምልከት መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ኣብ መጎነ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ዘርእዝጊ. እምኑቱ ሃብተን ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ኣቶ ገብራይ እምኑቱ ሃብቱ 2.ወረ/ነ/ሂር. መሓሪ እምኑቱ 2.1 በ/ቤቱ ወ/ሮ ኤልሳ ኪዳነ ፍረዝጊ. (ወኪል ኣቶ ኣብርሃለይ ኪዳነ) 2.2. ማክዳ መሓሪ 2.3 ፊሽን መሓሪ 2.4 ሄኖክ መሓሪ 2.5 ኒዮተን መሓሪ 2.6 ራሄም መሓሪ 2.7 የርሳሌም መሓሪ 2.8 ተሰፋኣለም መሓሪ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 2.2. ማክዳ መሓሪ 2.3 ፊሽን መሓሪ 2.4 ሄኖክ መሓሪ 2.5 ኒዮተን መሓሪ 2.6 ራሄም መሓሪ 2.7 የርሳሌም መሓሪ 2.8 ተሰፋኣለም ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።
ወይኒ ዓንደ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ዓንደመስቀል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/26 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ. ኣቶ ሮቤል ተኸሰስቲ፡ ተኸሰስቲ 1.ወረ/ኛ ምዕራፍ ኣስገዶም ተተካእቲ 1.2 ሊያ ተሰፋይ 2.ወ/ረ/ኛ ዛይድ ተሰፉ ተተካእቲ 2.1 ቅሳት መረሰዕ 3.ወረ/ኛ ብርኽቲ ኣስገዶም ተተካእቲ 3.1 የሴፍ ሃብተሚካኤል 4.ወረ/ኛ ሕርይቲ ኣስገዶም 4.1.ኣብርሀት ፎቶ 4.2 መሓሪ ፎቶ 4.3 ኣድሓናም ፎቶ 4.4 ኣስገዶም ፎቶ 4.5 ሓየለም ፎቶ፣ ንሲቪል ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን24/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ነፍ/ኤርትራ ተኽለ ሰብሃቱ 1.1 ሓበን ሃብተ 1.2 ፍናን ሃብተ 5.3 ማክዳ ሃብተ 5.4 ናኦድ ሃብተ፣ ናይ ፈጻሚ ክርክር ብመንገዲ. ወረ/ኛ/ተኽለ ሰብሃቱን ነፍ/ብሮሚ ተድላን ኣና ሳህለ ተኽለ ሰብሃቱ፣ ክሲ. ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ገዝኢ. ገብረኣብ ዑቕባዝጊ፡ ኣቡሓጎይ ዑቕባዝጊ. ገዘህይ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን 2 ኣሞታተይን 21 ደቂ ኣሞታተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ምሕረት ሰሞኣን ኣማኑኤል፡ ብዮሐ ቤተይ ኣምባሳደር ኣልኣዛር ብርሃነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንስኤ ማሪቆስ ዑቕባብርሄል ምባል ተሪፉ፡ ለተንስኤ ማሪቆስ ወልደእኪኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተሰፊት መኣዛን ዘሚካኤል፡ ሓፍተይ ሓገሰ መኣዛን ዘሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ትዕበ ታደኣሰ ዘርኣይ ምባል ተሪፉ፡ ትዕበ ታደሰ ተሰፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሳምራዊት ደስኣሎ ብርሃነ፡ ኣደይ ንግስቲ ንጉሰ ናይዝጊ. ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
ኣምለሰት ተሰፋሰላሴ ነጋርያም፡ ጓለይ ለተኪዳን ይሕደጎ ተከኤ ስለዝዋረፈት፡ ኣይተመርዓወት ኣይወለደት ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ከባቢ. ግራሻ ብቑፍቓድ ዋኒን GBL 00006950 ናይ C16 ጥሑና ትካለይ፡ ንኣቶ መሓመድ ደሞባይ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምምሕዳር/ ከባቢ. ግራሻ፡ ብዕለት 24/06/2025 ብቑ.መዝገብ 30/2025 ብውህቡዮ ስለዝሃብኩዎ፡ ብስም ወሃቢ/ት ዝኾነሉ ዕዳ ኣሎኒ. ወይ ይግባኣኒ. እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢዮ ተረካቢ/ት ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ምምሕዳር/ከባቢ. ሸሃቲ፡ ብቑ.ፍቃድ ዋኒን GBL 00007555 ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንኣቶ/ወሮ ኣብርሄት ክብሮም፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ምምሕዳር/ ከባቢ. ሸሃተ ብዕለት 23/3/2026 ብቑ.መዝገብ11/2026 ብውህቡዮ ስለ ዝሃብኩዎ/ዋ፡ ብስም ወሃቢ/ት ዝኾነሉ ዕዳ ኣሎኒ. ወይ ይግባኣኒ. እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢዮ ተረካቢ/ት ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ምም/01 ጎደና ሃገሊ. ቁ/ገዛ 19 ቁ/ሎታ 115 ቁ/ፓርቸላ B ብዮዝዮዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 113893 ብመወከሲ. ቁ/104199 ብስም ነፍ/ራት ወ/ሮ ተኽለ በይን ጓንጉል ተመዝጊቡ ብውርሲ. ዝረኸብናዮ ገዛ፡ ናብ ስምና ከመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ. ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ብመንገዲ. ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምኳንና ንሕብር።

ኣቶ ደመከ ከምፓኘያኖ ኣልበርቶ +1




## ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ. ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ. 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ. ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ. ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳህለ ኣስገዶም ተስፋዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሳህለ ጉብረሚካኤል በየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ተኽስተ ጉብረኣምላኽ፡ ተጸዋዒት ጓለይ ወ/ሮ ለምለም ቀሺ ተኽስተ፡ ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ጥፍእቲ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኾላ

ሮዳስ ወልደሚካኤል ሃይለ ምባል ተረፉ፡ ዲያና ወልደሚካኤል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍናን ዳዊት ጊልኡ ምባል ተረፉ፡ ምክኤለ ዳዊት ጊልኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄል ዛይድ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ ምብራቕ ዛይድ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄቨል ዓንደም ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ሄቨል ዓንደማርያም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊቨን ዓንደም ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ፊቨን ዓንደማርያም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰለሙን ዓንደም ተወልደ ምባል ተረፉ፡ሰለሙን ዓንደማርያም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢሳያስ ዓንደም ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ኢሳያስ ዓንደማርያም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰለማዊት ሃይለ ወልዱ፡ ስም ኣደይ ንግስቲ ኣብራሃ ምባል ተረፉ፡ ኣብራሽ በራኺ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሄት ገብረገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ብርሃ ካሕሳይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኑር ዓብደላ ኑር ምባል ተረፉ፡ ኖር ዓብደላ ኖር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምኒ

ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ከሞኔ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ጸጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ፎዚያ መሓመድ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ፎዚያ ኣሕመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ኣሚኒት ሽከር ወልደስላሴ ምባል ተረፉ፡ ኣሚኑት ሽከር ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ተስፋይ ወልደሚካኤል ዘርኢጋበር ምባል ተረፉ፡ ተስፊ ወልደሚካኤል ዘርኢጋበር፣ ስም ኣደይ ኣርሄት ሓማድ ምባል ተረፉ፡ ኬማ ወርዕ ጉብረብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ኣርምያስ ኤፍሬም ብርሃ፡ ተኸሰስቲ ወ/ነ/ሄር ኤፍሬም ብርሃ ኣርኣያ 1.ብዓልቲ ቤት ወ/ሮ ኣቶሉ ሃብተም ሕድርማርያም 2.ኪዳነ ኤፍሬም ብርሃ 3.ለገሰ ኤፍሬም ብርሃ 4.ሰናይት ኤፍሬም ብርሃ 5.ጸገ ኤፍሬም ብርሃ 6.ዮናስ ኤፍሬም ብርሃ 7.ሰለሙን ኤፍሬም ብርሃ 8.ሸዊት ኤፍሬም ብርሃ 9.ምሕረት ኤፍሬም ብርሃ 10.ስምረት ኤፍሬም ብርሃ 11.ሚእከለ ኤፍሬም ብርሃ 12.ኣድሓኖም ኤፍሬም ብርሃ፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን11/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ከረን 2ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ስምረት ኣልኣዛር ጸጋይ፡ ብዓል ቤተይ መሴ ኢያብ ሚክኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጹሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ወረ/ነ/ሄር ጸጋዬ ካሳ ቦጋለ፡ ወ/ሮ ኣማረሽ ጸጋዬ ካሳ፡ ወኪል ወ/ሮ ኤልሳ በርሀ፡ ንብፍ/በ/ዕዳ 1.ወረ/ነ/ሄር በየነ ካሳ ቦጋለ 1.1.ኤፈወርቂ በየነ 1.2 ናጽነት በየነ 1.3 ካሕሳይ በየነ 1.4 ሚካኤል በየነ 1.5.ለምለም በየነ 1.6.ምሉእኣለም በየነ 2.ወረ/ነ/ሄር ጸጋዬ ካሳ ቦጋለ 2.1 ወረ/ነ/ሄር ተድላ ጸጋዬ 2.1.1 እልልታ ተድላ 2.1.2 ናሆም ተድላ 2.1.3 ኣርሴማ ተድላ 2.1.4 ስምኦን ተድላ 2.2 ማሰፍን ጸጋዬ 3.ወረ/ፍ/ሄር ሓዳስ ካሳ ቦጋለ 3.1 ኣለላ ተማስገን 3.2 ኣስመረት ተማስገን 4.ወረ/ነ/ሄር በራኪ ካሳ ቦጋለ 4.1 ቤተልሄም በራኪ 4.2 ቢንሀር በራኺ 4.3 በዩሉል በራኺ 4.4 ብእምነት በራኺ 5.ወረ/ነ/ሄር ትብለጽ ካሳ ቦጋለ 5.1 ራሄል እስቲፋኖስ 5.2 ሮዛ እስቲፋኖስ 5.3 ሳምሶም እስቲፋኖስ 5.4 ፊሉሳ እስቲፋኖስ 5.5 መሓሪ እስቲፋኖስ፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን11/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ዘኪያ ያሲን መሓመድዓብደላ ምባል ተረፉ፡ ዘኪያ ያሲን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑመር መሓመድሰዒድ መሓመድፋይድ ምባል ተረፉ፡ ዑመር መሓመድሰዒድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ሮግበ ወልደኣብ ጉብረየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ጉብረኣምላኽ ጉብረመድህን ሓጎስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ደማ ወራሲት ምኻና ደረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ይብራህ በርሀ ተስፋስላስ ምባል ተረፉ፡ መሴ በርሀ ተስፋስላስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሳሚኤል ሃይለ ወልደሃንስ ምባል ተረፉ፡ ሳሚኤል ኣበበ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተብርሃን መብራህቱ ተኪኡ፡ ኣደይ ለተገብሪኤል ገብረስላሴ ኪዳነ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ርሻን ጉብረሂወት ጓንጉል፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00031943 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣቡሓኒ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣሰላ ሓምደረቢ ትማርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ኣቡሓኒ ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ርሻን ጉብረሂወት ጓንጉል
ሕጋዊ ወኪል ኣበበ ገርያጋብር

---

ብስም ተኽለሃይማኖት ተኽለኣብ ክፍለማርያም፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00025821 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና መርሓኖ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ሕርሻን ህንጻን መሳርሒ መሸጢ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰለማዊት መሓሪ ተኽለሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና 178-1 ቁ.ገዛ 538 ካብ ዕለት 1/04/2026 ክሳብ ዕለት 31/03/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ተኽለሃይማኖት ተኽለኣብ ክፍለማርያም

---

ብስም ዘውዲ ሰረቐ ብርሃ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00035609 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሳዋ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ ህንጻ ኣቕሑት መሸጢ ትካለይ፡ ንኣቶ መኮንን ጎይትኦም፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 751-4 ቁ.ገዛ 19 ካብ ዕለት 01/04/2026 ክሳብ ዕለት 31/03/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ዘውዲ ሰረቐ ብርሃ
ሕጋዊ ወኪል ፍጹም ጉብረእግዚኣብሄር ሓድጉ

---

ኣቶ ተኽለ ጉብረስላሴ ቀሊታ፡ "ደቦቅ ኢምፖርት ኤክስፖርት" (DEBOK IMPORT EXPORT) ዝበሃል ንግዲ ስለዝቖየሩ፡ "ደቦቅ ምክራይ ቢሎን ቡቲክን"( DEBOK BRIDAL WEAR RENTAL& BOUTIQUE) ተባሂሉ ክቕየረሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣጉዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ተኽለ ጉብረስላሴ ቀሊታ "ደቦቅ ኢምፖርት ኤክስፖርት" (DEBOK IMPORT EXPORT) ዝበሃል ንግዲ ስለዝቖየሩ፡ "ደቦቅ መሸጢ ሃለኽቲ ኣቑሑ"( DEBOK SHOP) ተባሂሉ ክቕየረሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣጉዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ሂወት፡ ድምጺ’ያ


መም/ ኪዳን ሽመንዲ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ


ሞባይለይ ንድምጸይ ክሰምዕ ዝደለየ ሰብ ከምዝሎ ክትነግረኒ፡ በቲ መጸወዒ ኣለ ዝመረጽኩላ መዚቃ ብዓውታ ድምጻ ደርጒሓትኒ። ሃንደበት ድማ ካብቲ ሓንበሶ ዝበርኩ ባሕሪ ድቃስ ብሰንባደ ተንሰኣኩ። ንቲ ሞባይለይ ዓቐራቶ ዝበረት ድምጺ መልእኽቲ’ውን ብህድኣት ሰማዕኩ። ብድሕሪዚ ንቲ ብሰንባደ ካብ ድቃሰይ ዘተንስኣኒ መጸወዒ ሞባይለይ ድምጹ ኣህጢመ፡ ድቃሰይ ክምልእ እንተበልኩ፡ ድቃስ ረሓቐኒ። ብሰንኪ’ቶም ኣብ ድቃሰይ ዝተወልዑን ዝኸልሉን ድምጽታት ዓቐቕታ ማዕጾ ካንሸሎና፡ ጸወታ ቆልዑ ገዛና፡ ምንባሕ ከልብና፡ ዕላል ጎረባብትና፡ ሬድዮን ቴለቪዥንናን። እዞም ድምጽታት ንቲ ሞባይለይ ዝፈለመቶ ረብሻ መለሶም ስለዘጋደድዎ፡ ነውጺ ከይፈጥሩለይ ብምስጋእ ኣብ ኣፍደገ ካንሸሎና ተጋደምኩ። ከም ትጽቢተይ ግን ኣይነበረን፤ እቶም ድምጽታት ብድምጺ ተሸኽርኽሮቲ፡ ማሽናት፡ ኣብዮተ መዚቃ፡ ምንቅስቓስ ኣፍራስን ሰባትን መለሶም ገደዱ። በዚ ዘይትጽቢታዊ ኩነት እናንጸርጸርኩ ከለኹ፡ ሓንቲ ካብ ጥቕስታት ስብጠበኛ ነፍሰሄር በየነ ሃይለ ከም መስታ በርቂ ኣብ ኣእምሮይ በረቐት፡ እታ “ወዲ-ሰብ ምግራም እንድሕሪ ኣጥፊኡብ ኣኽሉዎ እዩ ዝብል፤ ካን ኣኽሉዎ መቓብር ጥራሕ እዩ ዝጸበዮ።” እትብል ጥቕሲ። እዛ ጥቕሲ ምስ ዘከርኩ፡ ሃንደበት ኣብ ውሽጠይ ናይ ምግራም መንፈስ ሓደረኒ። ምግራም ንህላወ ድምጺ ኣብ ኩሉ ጽንታ ሂወትና፡ ኣብ ስምዒትና፡ ሓሳብትና፡ ምህዞታትናን ወሳኒ’ዩ። እዚ ድማ’ዩ ንኣድማስ ድምጺ ኣብ ሂወትና ክድህስሰ ኣብ ደንደስ ሓወልቲ ኣሌክሳንደር ፑሽኪን ኮፍ ዝበልኩ።

ኮፍ ኢለ ንኩሉም ህዋሳተይ ምስ ምሉእ ሓይሎም ኣብ ዳህሳስ ድምጽታት ተፈጥሮ ኣኽቲተየም ከለኹ፡ ሓንቲ ነፍሰሄር በቲ ከባቢ ክትሓልፍ ረኣኹ። ብኣግርሞት ንቲ ንሳን እቲ ኣብ ማእጸና ዝበረ ዕሽልን ዘድምጽዎ ድምጺ ብሳይንስ መግለጺ ኣብ ዝደለኹሉ፡ ቀልዓ ክጥዕስ ክኣክል፡ ክውለድን ክዕበርን ብድምጺ ከምዝምዓክል ተረዲኣኩ። ድሕሪ ብዘሎ ምፍልላዩም’ውን ብድምጺ ዝኽርታት ዓንኬል ሂወት ክፈጥሩ ኣብ ኣእምሮይ ተሳእሉኒ። እዚ ፋልማዊ ትዕዝብተይ ክጽንዖም ክልተ ፍጡራት ንኹሉ ፍጡር ከም ዘውክል ብምግንዛብ ትዕዝብተይ ቀጺልኩ።

ኣዒንተይ ሰለስተ ሚእትን ሱሳን ዲግሪ ብምዟር ኣብ ሓወልቲ ኣሌክሳንደር ፑሽኪን ተኸልኩወን። ኣብቲ እቲ ሓወልቲ ወኪልዎ ዝበረ ድምጺ ቅርጺ-ቕርጺ ስኡግጥሚ ኤርትራዊ መብቆልን ድማ ሓንበስኩ። ሓንበሰ ንድምጺ ናይ’ቲ ጥበብ ኣብ ዝፈተሽኩሉ፡ ኩሎም ስኡጥበበውያን ስርሓት ካብ ድምጺ ስምዒታት ከም ዝተበገሱን ድምጺ ሂወት ከም ዝገልጹን ኣስተውዒልኩ።

ብድሕሪዚ ካብቲ ኮፍ ኢለዮ ዝበርኩ ደንደስ ሓወልቲ ተንሲኣ ናብቲ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ህዝባዊ ቤት-ንባብ ኣተኹ። ንቲ ተመሪቐ ዝወዳእኩሉ ዓውደ ትምህርቲ ታሪኽ ትውክል መጽሓፍ’ውን ገንጸልኩ። እታ መጽሓፍ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት ዝብል ኣርእስቲ ነበረ። ድሕሪ ገለ ሰዓታት ኣንቢበ ምስ ወዳእኩ፡ ንቶም ኣብታ መጽሓፍ ዝበሩ ድምጽታት ኩዳምጾም ጀመርኩ። ታሪኽ ኩናትን ምስፍሕፋሕን መግዛእቲ ምዕራባውያን ሃገራት፡ ብዙሕ ድምጺ. መን ዓብለለ ዝትርኽ ግጥም ምኽኑ፡ ካብቲ ምዕራባውያን ሃገራት ዝሁብኦ ዝበሩ ዝተፈላለየ ድምጺ. ንመጻኢ ኤርትራ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ተገንዘብኩ።

ብተወሳኺ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽ ቃልሲ ንናጽነት ኣንጻር ድምጺ መግዛእትን ባርነትን ምኻኑ ተረዲኤኩ። ናጽነት ብ1991 ብድምጺ ብረት ንድምጺ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ሓገዛታን ምስ ሰዓረን ህዝቢ ኤርትራ ብረፈረንደም 99.8% ዝዓወታሉ ድምጺ “እወ ንናጽነት” ምስ ኣድመጸን ድማ ናጽነት መሰረት ድምጺ ሂወት ምኻና ተመሃርኩ። ንድሕሪት ምልስ ኢለ ንናጽነት ቀዳሚ ምጅማር ሰውራ ኤርትራ እናደለኹዋ ከለኹ፡ ብዓይኒ ፍትሒ ኣብ ሓምሳታት ናጽነት ይግበኣና ከም ዝበረን ህዝቢ ኤርትራ ንድምጺ ረብሓታት ኣመሪካ ከድምጽ ፍቓደኛ ብዘይምንባሩ ምስ’ታ ኣድማጺት ድምጻም ዝበረት ኢትዮጵያ ከም ዝተቖረነን ካብቲ ኣመሪካዊ ብዓል ስልጣን ጆን ፎስተር ዘድመጾ ድምጺ ብሓሳበይ ኣዳመጽኩ።

ነታ መጽሓፍ ኣብ ዝበረቶ ኩበሓ እናኣቐመጥኩዋ ከለኹ፡ ኣብ ኣእምሮይ ሓደ ሕቶ ተዓህየኒ። ሰባት ብዘይ ድምጺ ክነብሩ ይኽእሉዶ?። መልሲ ንምርካብ ኣብቲ መጻሕፍቲ ስነ-ሰብ (Anthropology) ተቐሚጦምሉ ዝበሩ ኩበሓ ሃሰው ብምባል ንሓንቲ ገንጸልኩ። እቲ መልሲ “ሰባት ክነብሩ እንተኾይኖም ክእከቡ ኣለዎም ይብል”። ቀጺለ ብኸመይ ክእከቡ ብምባል ንቲ መልሲ ብሕቶ ኣሰርክዎ። እንደገና ናብታ ዝገንጸልኩዋ መጽሓፍ ብምምላስ



ገለ ማስመሪት ድሕሪ ምንባበ፡ እቲ መልሲ ቋንቋ ምኻኑ ፈለጥኩ። ቋንቋ ከም መቐምያ ፍጥረተ ናይዛ ምድሪ ብድምጺ ከምዝፍጠርን፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፡ ካብ ፍጥረት ናብ ፍጥረት ኣብ ኣደማምጻ ጥራይ ከምዝፈላለን፡ ካብቲ ብዙሕ ቋንቋ ዝገልጽ ዝበረ ንእሰ ኣርእስቲ ናይታ መጽሓፍ ተመሃርኩ።

መጽሓፍ ንሕቶይ ድሕሪ ምምላሳ፡ ኣብቲ ዝበረቶ ቦታ እናመለስኩዋ ከለኹ፡ በዓል ዓበይቲ መሳዚቲ ዓለምና፡ ከም ብዓል ቶማስ ኤዲሰን ዝወቀቡት መጽሓፍ ንዓይነይ ወገኣተ። ነታ መጽሓፍ ብህንጡይነት ብምግንጻል፡ ነታ ካብ ድቃሰይ ዘተንስኣትኒ ሞባይል ዝፈጠረ መሳዚ ኣብ ምድላይ ተጸመድኩ። ስለምንታይ ከምኡ ሓሰበ ኣይተረደኣንን፤

ምናልባሽ ግን እቲ ናይ ምግራም መንፈሰይ ካብ ድምጺ ሞባይለይ ስለዝተበገሰ ከይከውን ይጥርጥር። ኣይደንገኹን ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ኣሌክሳንደር ግርሃም በል ምኻኑን ኣብ ድምጺ ፍሉይ ኣደነህ ከም ዝበርን ኣንበብኩ። እዚ ምስ ኣንበብኩ መለሰ ኣብ መንነ ድምጽን ምህዞን ዝሎ ምትእስሳር ክፍትሸ ምስ ድምጺ ሓሳበት መግዛቲ ከም ዝጽመድ ኮንኩ። ኣብ መወዳእታ ኩሉም ምህዞታት ድምጺ ከም ዝሎዎምን መግዛእቶም ብድምጺ ተፈጥሮ ተማሲጦም ከምህዞም ከም ዝተቐሰቡን በርሃለይ።

ንኣድማስ ድምጺ ብዩፄላ ሕቶ እናፈሓርኩ ከለኹ፡ ሃንደበት ብደገ ዝመጸ ድምጺ ሳላት መሳገድ ንውሽጠይ ማሰጦ። ንፍሉይነት ናይቲ ድምጺ ክድህሰሰ ካብቲ ዝበርኩዎ ቤት ንባብ ናብ መሳገድ ዓቢ ከደኹ። ኣመንቲ ንቲ ቅዱስ ድምጺ ኣሚኖም፡ ብድምጺ ፍቕርን ሕልናን ልቦም ሓጺቦም፡ ድምጺ ምጽኑዖም ብድምጺ ዶዓ/ጸሎት ከሰርጉን ምስ ኣላህ ክዛረቡን ተዓዘብኩ። ብተመሳሳሊ ኣብ እምነት ክርስትና’ውን ቅዱስ ድምጺ እምነት ከምዝሎ፡ ኣመንቲ ብድምጺ ጸሎት ምስ ኣምላኽ ከም ዝዛረቡን ዘርርኩ።

በዚ ተመሲጠ ኣብ ኣፍደገ ናይ’ቲ መሳገድ ከም ዓንዲ ተጉዚረ ከለኹ፡ እቲ ናይ ምግራም መንፈሰይ’ውን ኺ ኺ ከም ዝፈልሐ ወዑይ ማይ ብዙሓ ሕቶታት ኣብ ውሽጠይ መለሱ ገንፈለ። ህድኣት ንእፈጥረለይ ድማ ድምጺ ካብይ ይምንጩ ንዝብል ሕቶ ኣልዒልኩ። መልሲ ናይዚ ሕቶ ኣብ መጻሕፍቲ ክይፍትሽ ካብቲ ቤት ንባብ ኣርሒቐ ነበርኩ። መልሲ ንምርካብ ናብ ድምጽታት ዘጠዘሐ ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ብምዟር ኣብ ኣፍደገ ኤራቴል ናይቲ ከባቢ ኮፍ በልኩ። ንምንጪ ቅዱስ ድምጺ

መሳገድን ኣብያተ ክርስትያንን ብምዟር ንቲ መልሲ ረኺበኩዎ። ካብ ውሽጥና፡ ወናኒ ኩልንትናና፡ ዘውክል ብልብና፡ ዘጠቓልል ንኹሉም መሰረታውያን ስምዒታት ሂወትና፡ ከም ብዓል ፍቕሪ፡ ሕልናን ልብናን ብምባል ንቲ መልሲ ብዮየጥሚ ሰራዕኩዎ። ልብና (ውሽጥና) ከም ምንጪ ኩሉ ድምጽታትና፡ ሰብ ብሂወቱ ኣሎዶ የለን ንክንፈልጥ ንልቢ ንወክሱ ኣቦታትና ሃናጺ ሓሳብ ወይ ተግባር ምስ ዝሰምዑ “ኣየ ልቦና ለዐም” ብምባል ይንእዱና፡ ጎዳኢ ምስ ዝኸውን “ልቢ ግበር ኣታ ዓሻ” ብምባል ይገንሑና። እዚ ድምጺ ክሳብ ንመውት ኣብ ውሽጥና ይደህ፤ ደሃዩ ክሃጽ ድምጺ፡ ብሶላ’ዩ። እንታይ ክትገብር ኣሎካ፡ እንታይ ክተውግድ ኣሎካ ዝሕብር ብሶላ ሂወት።

እዚ ሓቂ ዘይፈልጡ፡ ኣብ ብዙሕ ኢጋጣሚ ሰባት ኣብቲ ንውሽጥና (ልብና) ንምስማዕ ኢልና ንፈልጥ ሰዓታት፡ “እንታይ ደኣ በይንኻ ከም ጸሉል እናበሉ” ከቑናጽቡዎ ይርኢ’ዩ ግን ዘይምስምዖም። እቲ ምንታይሲ ጽንታ ድምጺ ውሽጥና ማጠሲ ኩሎም ድምጽታትና ስለዝኾነ። ብተወሳኺ ውሽጥና ክንሰምዕ ከለና ካብ ባዕላትና ንውልዖም ረቨቲ ባዕዳውያን ድምጽታት ንተሓረም። እንተዘይኮይኑ ኣብ ኣእምሮና ነውጺ ፈጢሩ፡ ጽላለ ብዘዝዘል ሕማም ክንናወጽ ንኽእል ኢና። እዚ ሕማም’ዚ ካብ ድምጺ ውሽጥና ምስ ድምጺ ደገ ብክውኂንትትን ሚዛንን ኣውሂደና ከይድምጽ ብዘይምኽኣልና ከምዝፍስት ምሁራን ስኡኣእምሮ የረድኡ። ሓኪይም ስኡኣእምሮ ብድምጺ ፍልጡቶም ንቲ ኣደማምጻ ሚዛን ብምፍጣር ካብ ነውጺ ናብ ርግኣት ክሲጋዙና ይኽእሉ።

ሃፋ ሕቶታት ካብ ዋዒ ምግራመይ ኣየቋረጻን፤ ድምጺ እንተኾይኑ እቲ ምስጢር፡ ምድማጽ እንተኾይኑ እቲ ስራሕ፡ ውሽጥና እንተኾይኑ እቲ ምንጪ፡ ንቲ ክሰምየ ንደሊ ድምጺ ሓላፍነታዊ ሂወት፡ ባዕልና ኣብ ክንዲ እነድምጹ ካብ ካልእ ክሰምየ ንጸበዮ ምኽንያት እንታይ ምኻኑ ክፈልጥ ደለኹ። ውሽጠይ፡ ውሽጣዊ ድምጽና ኣብ መርሓ መዓልታዊ ሂወትናን መጻኢናን ኣጉዳሰኡ፡ ብዕምቈት ብዘይምርዳእና ክበል መልሲ ሃበ፡ ውሽጥና ምስ ንሰምዕ ብመጀመርታ መን ምኻንና ንፈልጥ፡ ተወሂቦና ብምልላይ ኣብ ሕብረተሰብና እንታይ ክነበርከት ንኽእል ንሓሰብ፡ ብድሕሪዚ ንቲ ናይ ውሽጥና ተፈጥራዊ ድምጺ፡ ምስቲ ደጋውን ክዉንነታውን ድምጺ ኣወሃሂድና፡ ንቲ ክንገብሮ ደለና ዘለና ድምጺ ንቓጸ፡ ከም ወጻኢቱ ሂወት ካብ ነውጺን ጎንጺን ወጺኣ ፍቕሪ ብምድማጽ ርግኣቲ ክትከውን ትኽእል ክብል ውሽጠይ ንቲ መልሲ ኣጸረለይ።

እዚ ፍታሕ ደጊመ እናዳመጽኩዎ ከለኹ፡ ኣብ ኣእምሮይ ሓደ ኣጉዳሲ ረቛሒ ብልጭ በለኒ። እቲ ናይ ምወህሃድ ድምጺ ክዉን ንክኸውን ጸዓት ቀንዲ ረቛሒ ምኻኑ። እቲ ጸዓት ብደረጃ ዕድመ ይፈላለ’ኳ እንተኾነ፡ መንእሰይ ግን ብፍሉይ ወናኒ ናይ’ዚ ጸዓት ምኻኑ ይረጋገጽ። መንእሰይ ንቲ ዘውንኖ ጸዓት ኣብ ለውጥን ዕበየትን ንብሱን ሕብረተሰቡን ንኸውዕሎ ክጽዕ ምስማዕ ውሽጣዊ ድምጹ፡ ናይ ካልኦት ድምጺ ተመኩሮን ትምህርትን ሞያን ክዋህልል ይምከር።

እዚ ምኽሪ ክዉንነቱ ንምዕዛብ ካብቲ ኮፍ ኢለዮ ዝበርኩ ኣፍደገ ኤራቴል ሜዳ ኤርትራ ብምትንሳእ ናብ መንእሰያት ብዝበዝሑ ዝንቀሳቐሱሉም ከባቢታት ዘወር በልኩ። ከም ትዕዝብተይ መብዛሕትኦም መንእሰያት ክዛረቡ እምበር ክሰምዑ ክጸገሙ፡ ንሓበሬታ ብገጸር ከይሰምዑ ክሕቡሩ ከለዉ ሰብ ከጋጥሞ ገለ ድማ እናዕለልካዮም ከለኻ ክትብሎ ዝደለኻ ከይወዳእካ ንፍርዲ ክጓየዩ። ንቲ ንውሽጦም ንምስማዕ ክህብዎ ዝጉብኦም ግዜ ብካልኦት ባዕሎም ዘውልዕዎም ድምጽታት ኑብሶምን ከባቢኦምን ክርብሹ ተዓዚብኩ። ብቃ ኣብ ኩሉ፡ ኣብ ምምራሕ ተሽከርከርቲ



መጸናዕቲ፡ ዕረፍቲ፡ ዕላል፡ ገሊኦም ከኣ’ሞ ክበልዑን ክድቅሱን ከለዉ ከይተረፈ። በዚ ግን ተሰፋ ኣይቆረጽኩን፤ እቲ ምንታይ’ሲ ገለ ካብኦም ዝሰምዕዎም ድምጽታት ንውሽጦም ጸገ ክብሉ ድርኺት ክፈጥረሎም ይኽእል’ዩ ኢለ ተሰፋ ስለዝበርኩ’ዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ ኩሉ ክዕዘብ ውሑዳት ንውሽጦም ብምስማዕ ሂወቶምን ሂወት ሕብረተሰቦምን ክቕይሩ ዝጽዕሩ መንእሰያት ኣየጓነፉንን ማለተይ ኣይኮንኩን፡ ግን እቶም ዘየሰምዑ ስለዝበዝሑ’ዩ።

መሬት ጸላም እናተጎልበበት ክትከይድ ከላ፡ ድምጺ ብርሃን ፓሎታት፡ ተሽከርከርቲ፡ ባራት፡ ዕላላት ኣብ ቤት ሻሂን ነቶም ብዮዜ መዓልቲ ጥራይ ዘደህዩ ድምጽታት ኣብዮተ ጽሕፈትን ካልኦትን ክትክኡ ተፈለጡኒ። ጸሬሖም’ውን እቶም ምስ ምጽልማት እናጎልሑ ዝመጽኡ ድምጽታት ክትሕቱን ክጠፍኡን ኣስተውዓልኩ። ብምትሓትን ምጥፋእን ናይዞም ድምጽታት ተገሪመ “ናበይ ይኸዱ ኣለዉ” ክብል ንውሽጠይ ሓተትኩዎ። ውሽጠይ ጠፊኦም ዘየኮኑ፡ በቲ ሞባይለይ ካብ ድቃሰይ ቅድሚ ምትሳእ ዘስተማቕሮ ዝበርኩ ድምጺ. ድቃስ ይትክኡ ከምዝለዉ ነገረኒ። እዚ ምስ ሰማዕኩ፡ ንቲ እናበዮኩዎ ከለኹ ብሰንኪ ክትራን ድምጽታትን ደስታ ምግራመይን ተሓሪመዮ ዝወዓልኩ ድምጺ ድቃስ ከስተማቕር ኣመና በሃገኩ። ንህሃይ ከርዊ ድማ ነቶም ብምትኽኻእ ዓንኬል ፈጠርም ዘደህዩ ዝበሩ ድምጽታት እናስተማቕርኩ ናብ መንበሪ ገዛይ ኣምራሕኩ። ቅድሚኡ ግን ንቲ ምግራመይ ዝጀሖ ጥርዚ ዳህሳስ መደምደምታ ክገብረሉ ናይ ግድን ስለዝበረ ሓሳብተይ ጠርነፈ. “ሂወት ድምጺ’ያ፡ ድምጻ ካብ ውሽጥና ይፍልፍል፡ ብውሽጥና ድማ ክምእዘን ኣለዎ” ብምባል ንዋዒ ምግራመይ ኣዝሓልኩ። ከምዚ እናበልኩ ሃንደበት ንቲ ብፋጽያ ንፋስ ዓቐቕ! ዓቐቕ! እናበለ ምስ ካልኦት ድምጽታት ካብ ድቃስ ከቲፉ ዘበረረኒ ማዕጾ ካንሸሎና ውትፍ በልኩዎ። ማዕጾ ካንሸሎና ድምጹ ሓቢኡ ተዓጽዩ ብምንባሩ፡ ዝሰምዐ ክኸፍትኒ የማይቲ ኣደይ ዓሚኹ ምስቲ ማዕጾ ብምሹፃው ድምጺ ክፈተኒ ኣሰማዕኩ። ንቲ ድምጺ ዝሰመዐ ሰማዒ ምስ ከፈተትኒ፡ ብቐጥታ ድምጺ ጥሜተይ ብድምጺ ጽጋብ ተኪኡ፡ ንድምጺ ድኻመይ ብድምጺ ድቃስ ክትክእ ክበይት ሰበኑተይ ንዓራት ኣሲኒመ፡ መጋረጃ ኣዒንተይ ዓጽዩ፡ ነታ መዓልቲ ተፋነኹዋ፡ ብድምጺ ናብ ካልእ ድምጺ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል - ውድድር ቅነ ስፖርት ኣብያተ ትምህርቲ ክካየድ'ዩ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተወደበ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ኢድ፡ መርበብን ስኪፀትን ናይ መጥኢታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ናይ ክልተኡ ጾታ ክካየድ'ዩ።

እዚ "ስፖርታዊ ንጥፈታት ተመሃሮ፡ ደፋኢ ሓይሊ መቐደሮ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ሎሚ ሓሙስ ዝጀመር ውድድር፡ ንቶኽታታሊ ሰለስተ መዓልታት ኣብ ሜዳ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ እዩ ክሰላሰል።

ኣብ ሰለስተኡ ደረጃታት ከኣ ናብ ናይ ዋንጫን ደረጃን ዝሓለፉ ኣብያተ ትምህርቲ ክጻወታ እየን።

## ስሎት፡ ንኢሳቕ ብምስላፉ ቲነቐፉ

ዓላሚ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት፡ ሰሉስ ምሸት ንፒኤስጂ ዓዲሞም ኣብ ዘጻወቱዎ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ካብ ፈለማ ብምስላፉ፡ ከም ዝተጣልዐ ተገሊጹ።

ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ንኖተንሃም ኣብ ዘሰዓሩሉ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ፡ ኣብ ጸጋመይቲ እግሩ ከቢድ ማህረምቲ ከም ዝጋጠሞ ይዝከር። ድሕሪ ዝነበሮ መጥባሕቲ ሓወዩ ኣብዚ ወርሒ ናብ ጸወታ ድሕሪ ምምላሱ ከኣ፡ ሰሉስ ምሸት፡ ኣብ ወሳኒ ጸወታ ካብ ፈለማ ተሰሊፉ፡ ንሓደ እብረ (45 ደቓይቕ ጥራይ) ብቑዕ ምህላዉ ከኣ ስሎት ቅድሚ ጸወታ ገሊጹ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ኢሳቕ፡ ኣብተን ዕድል ዝረኸበለን ቀዳሞት 45 ደቓይቕ፡ ዝጥቀስ ኣበርክቶ ከይገበረ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብሁጎ ኤኪቲኬ ተቐይሩ ወጺኡ። ሓሙሽተ ግዜ ጥራይ ድማ'ዩ ኩዕሶ ተንኪፉ። ኢሳቕ፡ ክልተ ግዜ ንሸቶ ቀረብ ምንባሩ ዝገለጸ ስሎት ከኣ፡ "ድሉው እዩ ነይሩ፣ ድሉው የለን ኢለ እንተዝሓስብ ነይረ፡ ኣይመሰለፍክዎን" ክብል ንውሳኔኡ መከላኸሊ ኣቕሪቡ።



ኢሳቕ፡ ኩዕሶ ዝተንከፈለን ሓሙሽተ ቦታታት

እንተኾነ፡ ወሳኒ ስሎት ሕቶ ኣለዓዒሉ፣ ብፍላይ ድሕሪ'ቲ ጋክፖን ሳላሕን ተቐይሮም ምስ ኣተዉ፡ ንመስመር ምክልኻል ፒኤስጂ ዝፈጠሩሉ ጸቕጥን ፍርሕን።

"ካብ ፈለማ ዝተሰለፈ መስመር መጥቃዕቲ ትርጉም ኣይነበሮን። ኢሳቕ ካብ ፈለማ ክኣቱ ኣይነበሮን።" ዝበለ ጃሚ ካራገር፡ ስሎት፡ ኣብ ቀዳማይ እግሩ ዝነበሮ ጌጋ ከም ዝደገሞ ገሊጹ።

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ስቲፈን ዋርኖክ ከኣ፡ "ብዛዕባ ኢሳቕ እንታይ ከም ዝሓስብ ኣይፈልጥን እየ። ዝሓለፈ ቀዳም ኣንጻር ፉልሃም ተዓዘቦ ሕማቕ ነይሩ። ሰሉስ ምሸት ከኣ ብፍጹም ኣይነበረን። ኣንጻር ተኸላኸልቲ ፒኤስጂ ማርኪንዮስ ኣካላዊ ምትንኻፍ ክህልዎ ኣይደለየን። ጋክፖ፡ ኣብ ሓሙሽተ ደቓይቕ ልዕሊ'ቲ ኢሳቕ፡ ኣብ ምሉእ ቀዳማይ እብረ ዝነበሮ ሰሪሑ። ብፍጹም ብቑዕ (Fit) የለን። እዚ ከኣ ሰሪ ዘጋጠሞ ማህረምቲ ኣንጻር ቶተንሃምን ኣብ ቅድመ ወቕቲ (Pre-season) ምዕራፉን እዩ ናብ ቁመናኡ ክምለስ ተጸጊሙ ዘሎ።" ኢሉ።

ኢሳቕ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ድሕሪ ክንደይ ላዕሊን ታሕቲን ክብረ-ወሰን ምስጋግር ተጻወትቲ ዓዲ እንግሊዝ ብዘሰበረ መስርሕ፡ ካብ ኒውካስል ናብ ሊቨርፑል ብኣስታት 125 ሚልዮን ፓውንድ ምጽምባሩ ይዝከር። ነታ ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ዝነበረት ክሉብ'ውን ዓቢ ሓገዝ ክገብረላ ልዑል ትጽቢት ተነቢሩሉ ነይሩ።

እንተኾነ፡ "ኣዴኻ ከምዘለኣኸትካ ዘይኣካ . . . " ከም ዝበሃል ዛጊት ከም ዝተገመቶ ኣበርክቶ ይገብር የለን።

ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣብ ፈረንሳ ብፒኤስጂ 2-ብ0 ተሳዒራ ዝነበረት ሊቨርፑል፡ ሰሉስ ምሸት'ውን ኣብ ሜዳኣ ብተመሳሳሊ ወጽኢት ተሳዒራ፡ ብድምር ወጽኢት 4-ብ0 ተሳዒራ፡ ካብ ርብዒ ፍጻመ ተገሊፋ ኣላ። ሎሚ ዓመት ዝኸኣት ዋንጫ ከይዓተረት ክትተዛዘም ምኽንያት ዘረጋገጸት እዛ ጋንታ፡ ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሳትፋ ደረጃ ንምሓዛ ምሉእ ኣድህቦኣ ኣብ ፕሪመር ሊግ ክትገብር ተቐሲባ ኣላ። ብ52 ነጥቢ ሓሙሻይቲ ተሰሪዓ ዘላ ሊቨርፑል፡ ሰንበት ናብ ቀንዲ መተሃላልኺታ ኤቨርተን ተጓዒዛ 'መርሲሳይድ ደርቢ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቡዕዲ ጸወታ ደጸብያ።

## ሲሞነ፡ ንባርሴሎና ደጋጊሙ ዝገለፈ ኣሰልጣኒ

ዓላሚ ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ዲያጎ ሲሞኔ ንባርሰሎና ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ሰለስተ ግዜ ዝገለፉ ቀዳማይ ኣሰልጣኒ ኮይኑ።

ኣትሌቲኮ፡ ኣብቲ ሰሉስ ምሸት ንባርሰሎና ዓዲማ ዘጻየደቶ ናይ ካልኣይ እግሪ ጸወታ ርብዒ ፍጻመ፡ 2-ብ1 እያ ተሳዒራ። ኣብ ቀዳማይ እግሪ ኣብ ሜዳ ባርሳ 2-ብ0 ተዓዊታ ብምንባራ ግና፡ ብድምር ክልተ እግሪ 3-ብ2 ሰዒራ፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ ኣላ።

ኣትሌቲኮ፡ ብመሪሕነት ሲሞኔ፡ ኣብዚ ውድድር ኣብ 2013-14 ከምኡ'ውን 2015-16፡ ብተመሳሳሊ ንባርሰሎና ካብ ርብዒ ፍጻመ ገሊፋታ እያ።

በዚ ድማ፡ እዚ ኣርጀንቲናዊ ዓላሚኣ፡ ነዛ ጋንታ ሰለስተ ግዜ ዝገለፉ ቀዳማይ ዓላሚ ክኸውን በቒዑ። ሲሞኔ፡ ኣቐዲሙ ክልተ ግዜ ዝገለፉ ብምዃኑ ምስ ሆዘ ሞሪኖ ተደሪቡ ጸኒሑ።

ጋዜጣ ትማሊ ምሸት ኣብ ሕትመት እንኸለ ካብ ዝተጻወታ ኣርሰናልን ስፖርቲንግን ዝሓለፈት፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ንኣትሌቲኮ ማድሪድ ክትገጥም እያ።

## ፌደረሽን ቼስ ኤርትራ ናውቲ ስፖርት ብሓገዝ ረኺቡ

ሃገራዊ ፌደረሽን ቼስ ኤርትራ፡ ኣብ ምምዕባል ንጥፈታት ናይቲ ዓውዲ ዝውዕል ሓደ ሚእቲ ናይ ቼስ ቦርድ ብሓገዝ ረኺቡ።

እዚ ናውቲ፡ ብማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ካምፓላ (ኡጋንዳን) ዝተበርከተ እዩ። ኣብቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ኣጋጣሚ፡ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ፌደረሽን ኣቶ ዓብደላ መሓመድ ኣብ ዘቕረቦ ሓበሬታ፡ እቲ ናውቲ ሃገራዊ ውድድራት ከምኡ'ውን ውድድራት መንእሰያትን ኣብያተ ትምህርትን ንምሕያል ሓጋዚ ተራ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ብማሕበረኮም ኤርትራውያን ኡጋንዳ ዝተወሰደ ተበግሶ ብኮልኣት ግዱሳት ክሰዓብ ስለዝኾነ'ውን ዘመሓላለፈ ኣቶ ዓብደላ፡ ነቲ ንበረት ኣብ ምዝዓዝ ቤ/ጽ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኡጋንዳን መንገዲ ኣየር ታርኮን ንዘበርክዎ ምድግጋፍ ብስም ፌደረሽን ቼስ ኤርትራ ምስጋንኡ ምቕራብ፡ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርት ሓቢሩ።



## ኢኪቲኬ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም ወጻኢ ኮይኑ

ሁጎ ኢኪቲኬ፡ ሰሉስ ምሸት ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘጋጠሞ ማህረምቲ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝኣልዮ ምኽንያት ተሓቢሩ።

እዚ ተጻዋታይ ክሉብ ሊቨርፑል፡ ኣብቲ ብፒኤስጂ ዝተሰዓሩሉ ጸወታ እዩ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ማህረምቲ ገጢምዎ፣ እናነብዐ ብባረላ ተጸይሩ ክወጽእ ድማ ተቐሲቡ። ኢኪቲኬ፡ ድሕሪ'ቲ ትማሊ ረቡዕ ዝተገብረሉ መርመራ፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል የማነይቲ እግሩ፡ መብዛ'ኽቲ ጅማት ኣጋጢምዎ ጸኒሑ። ሰሪዚ ከኣ፡ ካብ ትሸዓተ ክሳብ 12 ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ይግመት። ብዐብኡ ከኣ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንሃገሩ ፈረንሳ ኣይክውክላን እዩ።

እዚ ወዲ 23 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ መስከረም ቀዳማይ ጸወዒት ሃገሩ ፈረንሳ ድሕሪ ምርካቡ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ኣካል ናይዛ ጋንታ ክኸውን ተገሚቱ ነይሩ። ዕድል ኣይገበረን ግና፡ ቀዳማይ ናብ ዋንጫ ዓለም ስታፌኡ ብሰሪ ማህረምቲ ተጉቲኡ ኣሎ።

ኢኪቲኬ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ካብ ኢንትራክት ፍራንክፈርት ብ79 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሊቨርፑል ምጽምባሩ ይዝከር። ኣብዚ ጸንከር እዋን ናይ ሊቨርፑል ከኣ፡ ሓደ ካብቶም ጽቡቕ ዝበለ ቁመና ዘርኣዩ ኮይኑ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት ኣብ 45 ግጥማት 17 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ሽዱሽተ ናይ ሸቶ ዕድላት'ውን ሃንዲሱ።



## ሄንሪ፡ ንያማል ምስ ሮናልዶ . . .

ቲየሪ ሄንሪ ንተጻዋታይ ባርሰሎና ላሚን ያማል ብምውዳስ፡ ዘለዎ ድፍረት ምስቲ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ኣብ ግዜ ንእሽቶ ዘርኣዮ ዝነበረ ኣወዳዲሩዎ።

ያማል፡ ወላ'ኳ ኣብ ቀዳማይ እግሪ ብኣትሌቲኮ ማድሪድ 2-ብ0 እንተተሳዕሩ፡ ኣብ ጸወታ ከምዘይተወደአ እዩ ቅድሚ ናይ ካልኣይ እግሪ ግጥም ገሊጹ ነይሩ። ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ብዘቖጸራ ሸቶ ከኣ ክንዮ ዘረባ ብግብሪ ኣርእዩ ነይሩ። ባርሳ፡ ጸኒሓ ብፌራን ቶረስ ካልኣይቲ ሸቶ ወሲኻ'ውን ተመዓራርያ ነይራ። ኣትሌቲኮ፡ ሓንቲ ሸቶ ካብ ኣደሞላ ሉክማን ብምርካብ ግና፡ ብድምር ክልተ እግሪ 3-ብ2 ተዓዊታ፡ ንባርሳ ኣልያ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ ኣላ።




እዚ ይኹን እምበር፡ ወዲ 18 ዓመት ያማል ዘርኣዮ ብሉጽ ብቕዓት፡ ብናይ ቀደም ተጻዋታይ ባርሰሎና ሄንሪ ዓቢ ናእዳ ረኺቡ። ንሱ፡ "ሮናልዶ፡ ኣብቲ ናይ ፈለማ ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ ኣብ ቃለ መሕትት ብትብዓት ይዛረብን ኣብ ሜዳ የርኢን ነይሩ። ያማል ከኣ ከምኡ እዩ ዝገብር ዘሎ። ንባርሰሎና፡ ንበይኑ ክስዕሮም ከምዝኽእል ገሊጹ ነይሩ። ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ከኣ፡ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ልዕሊ ኩሉ ዝመሰጠኒ ከኣ፡ ፍርሒ ዘይብሉ ምኻኑ እዩ። ኣብዚ ንእሽቶ ዕድመ ብርእሰ ተኣማንነት፡ ብፈጠራዊ ብስለትን እዩ ዝጻወት። ኣይሕብእን እዩ፡ ኩዕሶ እዩ ክሕዝ ዝደሊ። ነገራት ኣዘዮም ኣገደስቲ ኣብ ዝኾኑሉ ከኣ፡ ይፍጽሞም። እዚ ከኣ እዩ ናይ ሓደ ፍሉይ ተጻዋታይ ምልክት።" ክብል ወዲሱዎ።

## "ተሰሪቕና ኢና" ራፊንያ

ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝርከብ ኣጥቃዓይ ባርሰሎና - ራፊንያ፡ ድሕሪ'ቲ ብኣትሌቲኮ ማድሪድ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምእላዮም፡ "ተሰሪቕና ኢና" ክብል ኣማሪሩ ተዛሪቡ።

ንሱ፡ "እዛ ጸወታ ተሰሪቕና ኢና። እዚኣ ጥራይ ዘይኮነት'ውን፡ ቀዳመይቲ ጸወታ ብተመሳሳሊ። ውሳነ ዳያኑ ኣዝዩ ሕማቕ ነይሩ። ዳኛ ንዘበደሉ ተጻወትቲ ኣትሌቲኮ ሓንቲ ብጫ ካርድ'ውን ኣይሃበን። ስለምንታይ እዩም ባርሰሎና ክትዕወት ዘፈርሑ ክርድኣኒ ኣይክኣለን።" ኢሉ።

ኣብቲ ጸወታ፡ ሓላዊ ልዳት ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ክዋን ሙሶ ንተጻዋታይ ባርሰሎና ፈርሚን ሎፐዝ ክሳብ ዘድሚ ብእግሩ ገጹ ሃሪምዎ ክነሱ፡ ዝኾነ ስጉምቲ ኣይተወሰደሉን፣ ተጻወትቲ ባርሳ ፍጹም ቅላዕ ዘይተዋህቦም'ውን ኣዕገርጊሮም እዮም።

እታ ፍጻሜ፡ ፍጹም ቅላዕ ተወሂቡ ከምዘይነበረት ዝገለጸ ሙሶ ግና፡ ኣብ ክልተኡ እግሪ ብፍትሓዊ መገዲ ከምዝተዓወቱ ብምግላጽ፡ ንራፊንያ መሊሱሉ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ካልኣይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሊግ ኤውሮጳ

ሰልታ ቪጎ - ፍራይበርግ 7፡45 ድ.ቀ

ሪያል በቲስ - ብራጋ 10፡00 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ፖርቶ 10፡00 ድ.ቀ

ኣስቶን ቪላ - ቦሎኛ 10፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ኣመሪካ ክርደና መራኽብ ደው ከተብል ኣተሓሳሰበት

ኣመሪካ፡ ዕግታ መራኽብ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ እንተ ቀጺላቶን ንናይ ጽዕነት መራኽብ ኢራን ውሕስነት እንተ ዘይፈጠራን፡ ጠንቂ ምጥሓስ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ዝኾነ ኢራን ኣጠንቂቓ።

እቲ ዕግታ ደው ክብል እንተ ዘይክኢሉ ድማ፡ ዝኾነ ንግዳዊ ንጥፈታት ኣብ ወሽመጥ ፋርስ፡ ባሕሪ ዖማንን ቀይሕ ባሕርን ብውሕስነት ክቕጽል ከም ዘይትፈቅድ፡ ኢራን ወሲኻ ኣተሓሳሲባ።

እዚ ዝተጠቕሰ ማያዊ ኣካላት ኣገዳሲ ስፈሕ ጂኦግራፊያዊ ከባቢታት ዝሸፍን’ኳ እንተኾኑ፡ ኣየኖት ሃገራት ክጸልዋ ከም ዝኽእላ ግን ኣይተገለጸን።



ኣመሪካ፡ ካብ ትማሊ ሰኑይ ኣትሒዛ ኣብ ልዕሊ ካብን ናብን ወደባት ኢራን ዝንቀሳቐሳ ናይ ጽዕነት መራኽብ ክርደና ገይራ ከም ዘላ ይሕብር።

እቲ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ብመንጎኛነት ፓኪስታን ጸኒሑ ዘሎ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ድሕሪ’ቲ ንኣስታት ሸዱሽተ ሰሙን ዝቐጸለ ግጭት ብ8 ሚያዝያ ዝተኣወጀ ምኳኑ ይዝከር።

ኣብ ኢስላማባድ - ፓኪስታን ዝተኻየደ ቀዳማይ ዙርያ ዘተ ኢራንን ኣመሪካን ብዘይ ዝኾነ ፍረ ከም እተዛዘመ ኣይርሳዕን።

ይኹን’ምበር፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ካልኣይ ዙር ናይቲ ዘተ ኣብ ዝቕጽሉ ክልተ መዓልታት ዳግማይ ክጅምር ከም ዝኽእል ኣተንቢሁ ኣሎ።

## እስራኤልን ሊባኖስን፡ ቀጥታዊ ዘተ ኣካይደን

እስራኤልን ሊባኖስን፡ ድሕሪ 1993 ትማሊ ሰሉስ ንፈለማ እዋን ኣብ ኣመሪካ ዝለዓለ ደረጃ ዲፕሎማሲያዊ ዘተ ከም ዘካየዳ ተሓቢሩ።

እዚ ሳሕቲ ዝርኤ ርክብ ክልተአን ሃገራት፡ ኑቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ብኢራን ዝድገፍ ጉጅለ ሕዝቦላህን ዝቐጸለ ዘሎ ደማዊ ግጭት ንምዕራፍ መፍትሒ ክናደልሉን ጸዊዓ ኣሎ።

እዘን ክልተ ጐረባብቲ ሃገራት ወግዓዊ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ዘይብለን ኰይነን፡ ናይ መወዳእታ ቀጥታዊ ርክብ ዝገበራሉ ግዜ ቅድሚ 33 ዓመት እዩ ነይሩ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንክሎ፡ ዋላ’ኳ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ኣብ ዋሽንግተን ይካየድ እንተ ሃለው፡ ኣብ ባይታ ዘሎ



ዝሃለመ ታሪኻዊ ስጉምቲ ምኳኑ ድማ ይግለጽ ኣሎ።

ኑቲ ዘተ ዘወሃሃደ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ እቲ ኣጋጣሚ፡ ጽልዋ ሕዝቦላህ ንምውጋድ ዘኽእል ታሪኻዊ ዕድል ምኳኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኑቲ ማስርሕ ዓቢ ዲፕሎማሲያዊ ዓወት ክበሃል ገሊጹዎ።

ካብ ኣመሪካ ዝወጸአ ወግዓዊ መግለጺ ከም ዘመልክቶ፡ ብኽልተኦም ወገናት ኣብ ዝወሰን ግዜን ቦታን ቀጥታዊ ዘተ ንምቕጻል ተሰማሚዖም ኣለዉ።

እስራኤል ኣብ’ቲ ዘተ፡ ኩሎም መንግስታውያን ዘይኮኑ ዕጡቓት ጉጅለታት ሊባኖስ፡ ብፍላይ ድማ ሕዝቦላህ፡ ዕጥቆም ክወርዱ ከም እትደሊ ገሊጻ ኣላ። ሊባኖስ ብወገና፡ ተኹሲ ብህጹጽ ደው ክብልን ተፈጢሩ ዘሎ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ህጹጽ

ግጭት ግና ገና ከም ዘይዛሓለ ይሕብር ኣሎ።

ካብ’ቲ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ወተሃደራዊ ስርሒታት ዝጀመረትሉ 2 መጋቢት ጀሚሩ፡ ዛጊት ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ተቐቲሎም ኣለዉ - ብማሰረት ጸብጻባት።

እቲ ዘተ ኣብ ዝተኻየደሉ ዕለት ከይተረፈ፡ ሕዝቦላህ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኣብ ውሽጢ ሊባኖስ ዝርከቡ ሰራዊት እስራኤልን 24 ግዜ መጥቃዕትታት ከም ዝፈጸመ ገሊጹ።

እዚ ኩናት፡ ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ ህይወት ሰባት ዘውርዶ ዘሎ መቕዘፍቲ፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ዝኾኑ ዜጋታት ሊባኖስ ካብ ኣባይቶም ንኽመዛበሉ’ውን ጠንቂ ኮይኑ ይርከብ - ብማሰረት እዮም ጸብጻባት።

## ስጳኛ - ሰብኣዊ ሓገዝ ዝጸዓና ጀላቡ ናብ ቓዛ ይብገሳ

ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንዝርከቡ ፍልስጤማውያን ዝኸውን ሓገዝ ዝጸዓና ሓያሎ ጀላቡ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ስጳኛ ካብ እትርከብ ከተማ ባርሴሎና ከም እተበገሳ ተገሊጹ።

ብዘይካ’ዚ፡ እተን ጀላቡ፡ ንመሳል ፍልስጤማውያን ዝጣበቑ ብርክት ዝበሉ ነጠፍቲ ኣሳፊረን ከም ዘለዋ ተሓቢሩ።

ወደብቲ ኣካላት ናይ’ቲ ‘ግሎባል ሱሙድ ፍሎቲላ’ ዝተባህለ ኣህጉራዊ ምንቅስቓስ፡ ልዕሊ 70 ጀላቡን ካብ መላእ ዓለም ዝተዋጽኡ ሓደ ሽሕ ሰባትን ኣብ’ቲ መደብ ክሳተፉ ምኳኖም ድሕሪ ምግላጽ፡ እዚ ኣንጻር ስጉምትታት እስራኤል ኣብ መሬት ፍልስጤም ብዓይነቱ ዝዓበየን ብሲቪላውያን ዝምራሕን ምንቅስቓስ ምኳኑ ኣመልኪቶም።

ሓደ ኣባል ኮሚቴ ፍሎቲላን ሳይፍ ኣቡተሽክ ዝኾነ ፍልስጤማዊ ነጣፊ፡ “መንግስታት ዓለም ስለ ዝፈሸሉ ኢና ነዚ ስጉምቲ ወሲድና” ኢሉ።

ግሎባል ሱሙድ ፍሎቲላ ቅድሚ ሕጂ ናብ ቓዛ ዝበጽሕ ፈተነ ብስለ ስልጣን እስራኤል ድሕሪ ምፍሻሉ፡ ዓመት ኣብ ዘይመልእ እዋን’ዩ ንኻልኣይ ግዜኡ ተመሳሳሊ ፈተነ ዝገብር ዘሎ።



## ቱርኪ - ብመጥቃዕቲ ፈኩስ ብረት 4 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ቱርኪ ኣብ ዝርከብ ሓደ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ሓደ ተመሃራይ ብዘኸፈቶ ተኹሲ ብውሑዱ ኣርባዕተ ሰባት ከም ዝቐተለን፡ ብውሕዱ 20 ካልኦት ከም ዘቑሰለን ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ከባቢ ገሊጹ።

እቲ ኣመሓዳሪ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ በቲ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ኣውራጃ ካህራማንማራስ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ሰለስተ ተመሃሮን ሓደ መምህርን ከም ዝተቐትሉን፡ ኑቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ሰብ ድማ ተመሃራይ ሻሙናይ ክፍሊ ምኳኑን ሓቢሩ።



እቲ ተመሃራይ፡ ናይ ወላዲኡ ሽጉጥ ኣብ ቦርሳኡ ሓቢኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ድሕሪ ምእታው፡ ኣብ ክልተ ክፍልታት ተኹሲ ከም ዝኸፈተ’ዩ ዝሕብር ዘሎ።

ከምዚ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት ንኻልኣይ ግዜ ኣብ’ታ ሃገር ከም ዘጋጠመ ጸብጻባት ሓቢሮም።

ዝሓለፈ ሰሉስ’ውን ኣብ ኣውራጃ ሳንሊዩርፋ ኣብ ዝርከብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ሓደ ተመሃራይ ነበር ብዘኸፈቶ ተኹሲ 16 ሰባት ድሕሪ ምቑሳሎም፡ ምስ ፖሊስ ኣብ ዝገበሮ ናይ ተኹሲ ልውውጥ ነፍሱ ከም ዘጥፍአ ተገሊጹ።

ኣብ ቱርኪ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ተኹሲ ምኽፋት ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ ምኳኑ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ ኣብ ግንቦት 2024 ኣብ ኢስታንቡል ሓደ ተመሃራይ ካብ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ድሕሪ ምስጓጉ፡ ንርእሰ መምህር ናይታ ናይ ብሕቲ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ከም ዝቐተሎ ኣብ እዋኑ ሓቢሮም ምንባሮም ኣይርሳዕን።

## ሰ/ኮርያ፡ ኑክሌሳዊ ዓቕማ ንምጉልባት ትሰርሕ ኣላ ተባሂሉ



ሰሜን ኮርያ፡ ንዝለዋ ኑክሌሳዊ ዓቕሚ ተሐይል ከምዘላ ዝእምት ንጥፈታት ተርኢ ከም ዘሎ፡ ሓላፊ ኣህጉራዊ ትካል ኣቶማዊ ጸዓት ራፋኤል ግሮሲ ገሊጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ከባቢ ኑክሌሳዊ ትካላታ ዩራንዮም ንምህብታም ዝሕግዙ ሓያሎ መሳለጥያታት ተዋድድ ከም ዘላ ዝሓበረ ትካል ስሊያ ደቡብ ኮርያ ብወገኑ፡ እዚ ድማ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ኣብ ምምዕባል ዝሕግዝ ስጉምቲ ምኳኑ ኣፍሊጡ።

ግሮሲ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ሴኡል - ዋና ከተማ ደ/ኮርያ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ኣብቲ በዘእዋኑ እንገብሮ ገምጋማት፡ ኣብ የንግብዮን ዝርከብ ማእከል ምምዕባል ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ቅልጡፍ ዕብየት የርኢ ከም ዘሎ ከረጋግጽ ክኢልና ኣለና” ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ “እዚ ከኣ፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ መዓይ ምምዕባል ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ወረናቶ ዝላ ዓቕሚ ዘመልክት እዩ” ክብል ኣረዲኡ።

ሰሜን ኮርያ ኣብ 2006 ንፈለማ እዋን ፈተነ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ከም ዘካየደት ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሂወት | 16/04/2026 | ጎደና ብድሆ፡ ከባቢ ሽዱ (ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services